# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 23 ዓመት ቁ. 276 3 ሰነ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

2014

ሰሉስ



ገጽ 4
ሓዳርን ሞያን


ገጽ 5
ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ ማካዙትን ተወፋይትን

ገጽ 8
ዊኪሊክስ





ገጽ 10





ገጽ 11
ኣልታሕረር ጽዋእ ናጽነት ኣልዒላ




# ኤርትራውያን ተቐማጦ ሰዋክን፡ ኡጋንዳ፡ ደማምን ክዌትን መበል 23 ዓመት በዓል ናጽነት ብድምቀት ጸንቢሎም



ኤርትራውያን ተቐማጦ ሰዋክን - ሱዳን፡ ካምፓላ - ኡጋንዳ፡ ደማም - ንግስነት ስዑዲ ዓረብን ክዌትን፡ መበል 23 ዓመት በዓል ናጽነት ብድምቀት ጸንቢሎም።

ብ30 ግንቦት ኣብ ሰዋክን ኣብ ዝተኻየደን ሰበ-ሰልጣን ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን ዝተሳተፍዎን ስነ-ስርዓት። ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ኢብራሂም እድሪስ ኣብ ዘስመዖ ቃል። ኣብ ዝሓለፉ 23 ዓመታት - ምስናይ ኩሉ ቀጻሊ ግዳማዊ ተጻብኦታትን ሽርሒታትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት ከተግብር ምኽኣሉ ንሓይሊ መኸተኡን ብቕዓቱን ዝምስክር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ኣብ ወፍሪ ልምዓትን መኸተን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምእትርኩብ ኣነጺሩ።

ኣመሓዳሪ ሰዋክን ኣሰይድ ጣህር ሓሰን ብወገኑ፡ ንታሪኻዊ ህዝባዊ ዝምድናታት ዞባ ቀይሕ ባሕርን ወደባዊት ከተማ ሰዋክንን ምስ ህዝቢ ኤርትራን ሓርነታዊ ቃልሱን ጠቒሱ፡ እዚ ዝምድናʼዚ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ምዕባለ ንኽበጽሕ ንዘሎ ሰናይ ድሌት ብምርግጋጽ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ሰዋክን ድማ ብፍላይ የሃናኡ ገሊጹ።

እቲ መንእሰያት ብብዝሒ ዝተሳተፍዎ ጽንብል፡ ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ሪም ብዘቕረበቶ መደብ ማዕሪጉ ምንባሩ፡ ልኡኻት ሚኒስትሪ ዜና ካብቲ ቦታ ሓቢሮም።

ብተመሳሳሊ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ደማምን ከባቢኣን ብ30 ግንቦት ዘካየድዎ ምዕሩግ በዓል፡ ንርዝነትን ትርጉምን ናጽነትን ስለኣ ዝተኸፍለ ዋጋን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ዝተረኽበት ቈንስል ኤርትራ ኣብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ወይዘሮ ወይኒ ገረዝግሄር ንህልው ኩነታት ሃገርናን ዓለምናን ኣመልኪታ ንተሳተፍቲ ኣብ ዝሃበቶ መብርሂ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል፡ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ኣብ ዝተንጸባረቐሉ እዋን ይበዓል ምህላዉ ዕዙዝ ምኳኑ ጠቒሳ፡ የሃናኣ ገሊጻ።

ኣቦ-መንበር ማሕበረ-ኮም ደማምን ከባቢኣን ኣቶ ሓሰን ማሕሙድ ድማ፡ "እዋኑ፡ ቅያ ናጽነት ኣብ ልምዓት እነረጋግጸሉʼዩ" ድሕሪ ምባል፡ ንኩሎምʼቶም ነቲ ጽንብል ክውን ንምግባር ዝጸዓቱ ወገናት ኣመስጊኑ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ክዌት ዝገበርዎ ተመሳሳሊ ጽንብል ድማ፡ ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ማዕሪጉ ምንባሩ፡ እቲ ዝበጻሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

# ኮሚሽን ሓበሬታን ተሓታትነትን ጥዕና ኣደን ህጻንን ኤርትራ፡ ሞት ኣደን ህጻናትን ንምግታእ ዝሕግዝ ዓውደ- ዘተ ኣቃኒዑ

ኮሚሽን ሓበሬታን ተሓታትነትን ጥዕና ኣደን ህጻናትን ኤርትራ፡ ከም መቐጸልታ ናይʼቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ዘካየዶ ምውሓስ ጥዕና ኣደን ህጻናትን ብሓፈሻ። ኣብ ግዜ ወሊድ ዘጋጥም መጠን ሞት ንምግታእ ድማ ብፍላይ ንቕሓት ደቂ-ኣንስትዮ ክብ ኣብ ምባል ዘተኩረ ዓውደ-ዘተ፡ ብ29 ግንቦት ተመሳሳሊ ዓውደ-ዘተ ኣካዪዱ።

ኣብʼቲ መሻርኽቲ ኣካላት ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ምቍጽጻር ውጽኢት መስርሕ ምጽራይ ኩነታት ጥዕና፡ ውጥን ስድራ-ቤትን ተራኡ ኣብ ህንጸት ጥዑይ ስድራ-ቤትን፡ ምሕያል ሃገራዊ መደባት ጥዕና፡ ምስፋሕ ትካላት ጥዕናን ምዕባይ ዓቕሚ ሞያውያንን ከምኡʼውን ምሕያል ኣብ ግዜ ወሊድን ድሕሪ ወሊድን ዘሎ ክንክን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ብሰፊሑ ተዘቲዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ጥዕና ኮምን ስድራ-ቤትን ዶክተር ብርሃና ሃይለ ንኤሪና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ፡ መጠን ሞት ኣደን ህጻናትን ኣብ ግዜ ወሊድ ንምንካይ ኣህጉራዊ መለክዒ ሒዙ ዝተበገሰ ምኳኑ ጠቒሳ፡ ብመሰረትʼቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዓመተ 2015 ክብጻሕ ዘቐመጦ ዕያር፡ ኤርትራ ነቲ ዕማም ኣብ 2010 ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ከተውርዶ ብምኽኣላ፡ ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብነት ኮይና ከምዘላ ገሊጻ።

"እቲ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ናብ ዝቕጽል ዕላማ ክወስደናʼምበር ከዛንየና የብሉን" ዝበለት ዶክተር ብርሃና፡ ውጥን ስድራ-ቤት ኣብ ምጉዳል ሞት ኣደን ህጻናትን ሓጋዚ ሚና ብምኳኑ፡ ሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ ኣደታት ድማ ብፍላይ ነዚ ተረዲኦን፡ ጥዑይ ስድራ-ቤት ንምህናጽ ኣረሓሒቐን ክወልዳ ኣተሓሳሲባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዶክተር ብርሃና፡ ዝተረፈ መደባት ስራሕ ብልዑል ወኒ ንምስልሳል፡ ምስ ውድብ ጥዕና ዓለምን ካልኦት መሻርኽቲ ትካላትን ብምትሕብባር ኣብርቲያም ከምዝሰርሑ ብምግርጋጽ፡ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ዝወሃብ ኅስጓሳዊ ኣስተምህሮታት ብንቕሓት ክዋሳእ ተላብያ።

# ዞባ ማእከል፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ገጀረት ዝርከብ ማሕበረ-ኮም ኣውግት ቤት-ንባብ ኣመረቐ


ብመሕረትኣብ ገብረሚካኤል

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ገጀረት ዝርከብ ማሕበረ-ኮም ኣውግት ዘዋደዶ፡ ትምህርቲ ኮፕዩተር፡ ኣገልግሎት ኢንተርነትን መጽሓፍትን ዘጠቓለለ ዘመናዊ ቤት-ንባብ፡ ብ31 ግንቦት ብኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውሊያይ ተመሪቑ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶም ኣብ ዘሰምዖ ቃል ድማ፡ ካብ 2008 ብኮማዊ ንጥፈት ዝተጀመረን ብዙሕ ጻዕሪ ዝተኻየደሉን ቤት-ንባብ ኣገልግሎት ኣብ ዝህበሉ ደረጃ ብምብጽሑ፡ ንኣባላት'ቲ ማሕበረ-ኮም ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ኣውግት ኣቶ ተኸለ ጉብረኪዳን ብወገኑ፡ ዕላማ'ቲ ዝሃነጽዎን መሰረታዊ ናውቲ ዝተዋደደሉን ትካል፡ ብትምህርቲ፡ ስፖርትን ቅኑዕ ስነ-ምግባርን ዝተሃንጹ እሙናት ተረከብቲ ሃገር መንእሰያትን ቈልዑን ምምልማል ምዃኑ ጠቒሱ፡ ፍልጠት ኣብ ቀጻሊ ንባብ ስለዝርከብ፡ ነቲ ቤት-ንባብ ኣብ ምውዳድ ብኣካላት መንግስቲ፡ ሃገራውያን ማሕበራትን ኩባንያታት፡ ከምኡ'ውን ግዱሳት ዜጋታት ንዝተገብረሎም ምድግጋፍ መጉሰ።

ኣባላት'ቲ ማሕበረ-ኮም ዝኾኑ ወለዲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ደቆም ተጠቀምቲ ናይቲ ተቐሪቡ ዘሎ ጸጋታት ንክኾኑ ከምዝጽዕሩ፡ ነቲ ቤት-ንባብ ንምምዕባል ድማ ኣበርክቶኦም ከምዝዕዝዙ ኣረጋጊጾም።

ነቲ ቤት-ንባብ ከም ዓቢ ህያብ ከምዝጥምትዎ ዝገለጹ መንእሰያት ብወገኖም፡ ዓቢ ፍልጠት ክድልቡን መጻኢኦም ከውሕሱን ንዝተገብረሎም ንጥፈታት ብምምስጋን፡ ዝተኻበረሎም ተስፉ ብዕጹፉ ንባብን ጻዕርን ንምምላእ ከምዝጽዕሩ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ነዚ ቤት-ንባብ ኣብ ምህናጽን ምውዳድን ብትግሃት ዝጻየዩ ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኣውግትን ካልኦትን፡ ካብ ኢድ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮመዳን ዑስማን ኣውልያይን ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ዞባ ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃንን ሽልማት ተቐቢሎም።

# ሓጋዝ፡ መኣብር ደቂ-ኣንስትዮ ንምምሕያሽ ብዝሓየለ ክሰርሕ ምዃኑ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ መነባብሮ ደቂ-ኣንስትዮ ንምምሕያሽን ኣፍልጦኦን ኣብ ትምህርትን ጥዕናን ንምዕባይን ብዝለዓለ ክሰርሕ ምዃኑ፡ ኣመሓዳሪት'ቲ ንኡስ ዞባ ወይዘሮ ኣምና ሓጅ ምስ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝገበረቶ ርክብ ሓቢራ።

ወይዘሮ ኣምና ኣብ ሓበሬታኣ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንኹሉ ብድሆታት ገጢሞም ብዘሰላስልዎ ዘለዉ ሓያል ስራሕ፡ ንብሩህ መጻኢ ባይታ ዘንጸፈ ገስጋስ ተመዝጊቡ ምህላዉ ጠቒሳ፡ ዛጊት ተሰላሲሉ ዘሎ ዕማም መርኣያ ስጡም ሓድነትን ጽንዓትን ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ንሳ ኣስዒባ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መነባብሮ ደቂ-ኣንስትዮ ምምሕያሽን ኣብ ትምህርትን ጥዕናን ዘለወን ኣፍልጦ ምብራኽን፡ ከምኡ'ውን ብታሪኽ ዝሕበን መንእሰይ ምህናጽ፡ ኣብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ብምግምጋም ንዝለዓለ ውጽኢት ምድፋእ፡ ጎዳኢቲ ባህልታትን ልምድታትን ምግታእን ካልኦትን፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ክሰርሓሎም ተታሒዞም ካብ ዘለዉ መደባት ምዃኖም ገሊጻ።

ተዳኺሙ ዝጸንሐ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምብርባርን ኮም ዝሰረቱ ንምግባርን ብዝበለጸ ክሰርሓሉ ተጀሚሩ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ እቶታውነት ንምድንፋዕን ከባብያዊ ጽሬት ንምውሓስን፡ ቀጻልነት ዘለዎ ማእቶታዊ ንጥፈታት ክካየድ ምዃኑ ኣብሪሃ።

ተሳተፍቲ ብወገነን፡ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ኣብ ርሑቕ ገጠራትን ከባቢታትን ሃገር ክይተረፈ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባትን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ብምምስጋን፡ ንዝበረኸ ምዕባለ ካብኣተን ዝሕተት ከማልኣን ቀጻልነቱ ከውሕሳን ምዃነን ኣረጋጊጸን።


መዓልታዊት ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247
hadas@zena.gov.er

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ. 200454

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ


# ኣቑርደት፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ንጥፈታቶም ንምድንፋዕ ከምዝጽዕሩ ገሊጾም


ማሕበር ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ጥርናፈኦም ኣሐዩሎም ንጥፈታቶም ንምድንፋዕ ከምዝጽዕሩ፡ ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ ኣረጋጊጾም።

ኣባላት ማሕበር ኣብ ርክቦም፡ ኣቐዲሞም ምስ ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ድገ ኣብ ሓደ ማሕበር ተጠርኒፎም ክሰርሑ ከምዝጸንሑን ኣብ ምምላእ ጠለባት እጃሞም ይጉብሩ ከምዝጸበሩን ብምጥቃስ፡ ናይ በይኖም ማሕበር መስራቶም ክነጥፉ ካብ ዝጀምሩ ግን ቡቲ ናይ ቀደም ቅዋም ይካየዱ ብምህላዎምን ቍጽሪ ኣባላት ውሑድ ብምዃኑን ዛጊት ዝጥቀስ ዕቤት ከምዘየመዝገቡ ብምምልካት፡ ማሕበሮም ንምድንፋዕን ፍርያምነቶም ንምዕባይን ኣብ ዙይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ደገፍ ሞያውያን ከይፍለዮም ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ተኽለብርሃን ጉብረወልድ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ሓረስቶት ብዝተናጸል ዘካይድዎ ዕዮ ካብ ረብሕኡ ሃልኩ ከምዝዛይድ ብምምልካት፡ ኣብ ማሕበር ተጠርኒፎም ብውህደት ክሰርሑን ፍርያቶም ብምዕባይ ኣብ ዕዳጋታት ከባቢኦም ጽልዋ ክፈጥሩ ክጽዕሩን ኣዘኻኺሩ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣልማዕቲ ጀራዲን ዞባ ጋሽ-ባርካ ሸኽ ዳውድ ማሕሙድ ብወገኑ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝነጥፉ ኣልማዕቲ ጀራዲን ብማሕበር ተጠርኒፎም ዝነጥፍሉን ፍርያቶም ዘዕብዩሉን ባይታ ንምፍጣር ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ኣቑርደት'ውን ቡብውልቆም ዘሰላስልዎ ስራሕ ከምዘየዐውት ተገንዚቦም ብሕብረት ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ሕሳብ ማሕበር ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ጠዓመ ኣርኣያ ድማ፡ ተዳኺሙ ዘሎ ንጥፈታት ማሕበሮም ንምሕያል ቍጽሪ ኣባላት ክውሰኽ፡ ፍርያቶም ንምዕባይ ድማ ጻዕሮም ክሕይል ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ ማሕበሮም ንምሕያል ዘካይድዎ ጻዕሪ ብዘይ ሞያዊ ምኽርን ደገፍን ክዕወት ስለዘይክእል፡ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ክደጋገፍዎም ጸዊዑ።




# ኩናት ማዕከናት ዜና ምዕራብን ሩስያን

ሓያላን ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ ምዕራባውያን ሃገራትን ዓበይቲ ኮርፖሬሽናትን፡ ብመንገዲ ማዕከናት ዜናኦም፡ ንኣተሓሳስባን ርእይቶታትን ኣህዛብ ንምቁጽጻርን ንምዕብላልን ካብ ነዊሕ ክሰርሓሉ ጸኒሐን። ብምዕራባዊ ደምበ ተዓብሊሉ ዝጸንሐ ርእሰ-ማላዊ መራኸቢ ብዙሓን፡ ንሓበሬታታት ብዝምእምኦ መንገዲ እናጠምዘዘ ንኣተሓሳስባ ገዚፍ ቁጽሪ ህዝቢ ዓለም ክቆጻጸሮ ክኢሉ'ዩ - ብመሰረት ተመራማሪ ናይቲ ዓውዲ ኣመሪካዊ ኖም ቾምስኪ። ኣብዚ "ናይ ሓበሬታ ኩናት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ወፍሪ፡ ግሉን ስም ዘለወን ማዕከናት ዜናን ጋዜጣታትን ንሰራዊትን ኣጽዋርን ተኪአን ይሰርሓ። ብዕላማ ዝተመርጹ ቃላትን መግለጺታትን፡ ስእልታትን መልእኽትታትን ጠያይቲ ናይቲ ኩናት'ዮም። ዕላማ ናይ ሓበሬታ ኩናት፡ ንህዝቢ ብቲ ዝተደልየ መንገዲ ብምጽላው ኣብ ልዕሊ ዋሕዚ ሓበሬታ ፍጹም ዕብለላ ምርግጋጽ'ዩ። ብመራኸቢ ብዙሓን ዝመሓላለፉ መልእኽትታትን መግለጺታትን ቡቶም ንማዕከናት ዜና ዝቈጻጸሩ ወገናት'ዮም ዝህነጹ። ንኣረዳድኣ ህዝቢ ኣብ ምህናጽ ከኣ ይጥቀሙሉ። ዝበዝሐ ካቡቲ ኣቡቲ "ምዕቡል" ዝበሃል ዓለም ዝርከብ ህዝቢ፡ እቲ ዝፈልጦ ዘበለ ካብዘን ማዕከናት ዜና ዝተቐበሎ'ዩ። ንሳተን፡ ንሰዓብተን ብምጽላው ከምቲ ክኸውን ዝደልያኦ ርእይቶ ከምዝሀልዎ ይገብራ። እቲ ኣብ ኣእምሮ ሰዓብተን ከምዝሰርጽ ዝተገብረ ኣተሓሳስባን ርእይቶን ድማ ኣብ መወዳእታ፡ "ርእይቶ ናይ ዝበዝሐ ህዝቢ" ተባሂሉ ውሳነታት ንምሕላፍን ስጉምትታት ንምውሳድን የገልግል። ግደ ሓቂ እቲ ርእይቶ ይኹን ሓሳባት ካብ ፈለማኡ ኣጀንዳ ናይተን ነዘን ማዕከናት ዜና ዝቈጻጸራ ሃገራት ደኣ'ምበር ህዝቢ ካብ ግዝኡ ርእሱ ዘንቀሎ ኣይኮነን።

ናብ ህዝቢ ዝብጽሕ ሓበሬታ ምዕብላልን ንኻልኦት ቡዓህቲ ማዕከናት ዜና፡ ሓቅነት ሓበሬታኦም ብዘየገድስ ተኣማንነቶም ምድዋንን ሓደ ኣገዳሲ መዳይ ናይ ሓበሬታ ኩናት'ዩ። እዚ ዓይነት ቅዲ ሓድሽ'ዩ'ኳ እንተዘይተባህለ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንተራቐቐን እንሓየለን'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ዘይንቡር ኩናት መለለዪ ናይዚ ዘመን ኩይኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን ከኣ ከም ሓደ ኣገዳሲ ቅዲ ኩናት ይግለጽ። በዚ ቅዲ ብግሊ ይኹን ብህዝቢ ዝውነኑ ዓበይቲ መርበባት ሓበሬታ፡ ህዝቢ ብዛዕባ ሓደ ዛዕባ ወይ ጉዳይ ናይ ሓባር መረዳእታ ንክህልዎ ይጽዕሩ። እዚ መረዳእታ ግን ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቀኛ ኩነታት ዝተሰረተ ኣይኮነን። መበገሲኡ እቲ በዞም መርበባት ሓበሬታ ንዘየለ ከምዘሎ፡ ንዘሎ ድማ ከምዘየለ ገይሩ ዘቕርብን እናሻዕ ዝደጋገምን ሓበሬታ'ዩ። ካብ ምሕር ምድግጋም'ዩ ድማ ህዝቢ ከም ውሁብ ሓቂ ዝቕበሎ። ማዕከናት ዜና ምዕራብ፡ ብዛዕባ ኣህጉራዊ ጉዳያት ዝገብራኦ መግለጺ ሌጣ መግለጺ ኣይኮነን። ብዕምቆት ተጸኒዑ ሕቡእ ፖለቲካዊ መልእኽቲ ሒዙ'ዩ ዝቐርብ። ንኣብነት ኣብ መንጎ እስልምና ሺዓን ሱናን ሱር ዝሰደደ ደማዊ ቅርሕንቲ ከምዘሎ፡ ፕረዚደንት ቬንዙዌላ ነበር ሁጎ ቻቨዝ ጨቋኒ ውልቀ-መላኺ ከምዝነበረ፡ ኣብ መንጎ ሰርብያውያንን ክሮኤሽያውያንን ዓሚቕ ጽልኢ ከምዘሎ…ዝርዳእን ዝኣምንን ህዝቢ ዓለም ብዙሕ'ዩ። እዚ ግን ብምዕራባዊ ዓለም ኣብ ኣእምሮ'ዚ ህዝቢ ብሰላሕታ ዝተነድቀ መረዳእታ ደኣ'ምበር ኣብ ባይታ ዘየለ ሓቂ ምኺኑ'ዩ




ኖም ቾምስክን ካልኦት ወገናትን ዝገልጹዎ። እቲ ብድሕሪ መጋረጃ ዝኽሽን መልእኽቲ ብመንገዲ "ካብ ፖለቲካ ናጻ" ዝበሃሉ ኣካላት ከምዝሓልፍ'ዩ ዝግበር። ንዝበለሐ ህዝቢ ዓለም ከኣ ንድርኺትን ኣመታትን ናይቶም ሓበሬታታት ንኸይሓትት ይጋርድ።

ኣብዚ እዋን፡ ናይ ሓበሬታ ኩናት ኣብ ግንባራት ዩክሬን፡ ሶርያን ቬንዘዌላን'ዩ ጽዑቑ ዘሎ። ዕላማ ናይቲ ኣብ ዩክሬን ዝካየድ ዘሎ ናይ ሓበሬታ ኩናት ንኣብነት፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኬቭ ዜናዊ ወፍሪ ኣብ ምዕዋት ፖሊሲ ወጻኢ ኣገዳሲ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ሃገራ ኣብ ናይ ሓበሬታ ኩናት ተድምዕ ከምዘየላ ተኣሚና'ያ። ከምቲ ኣብ ዝሑል ኩናት ዝነበረ ሜላ ክተኣታቱዎን እኹል ባጀት ክሰላዕን ድማ ጸዊዓ።

ኣመሪካን ብሪጣንያን ብሒተናኦ ዝጸንሓ መድረኽ ዓለማዊ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ኣብ 2011 ብኣመሪካ ተመሪሑ ብኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ(ኔቶ) ኣብ ልዕሊ ሊብያ ዝተኻየደ ኩናት ብንጹር ክሰበር ተራእዩ እዩ። ብዙሓት ወገናት፡ ነቲ ብማዕከናት ዜና ምዕራብ ዝወሃብ ዝተኻየደ ዕልዋን ተተኺሉ ዘሎ መሰጋገሪ መንግስትን ዝጸግዕ ወይ ዝድግፍ ውሽጣውን ኣህጉራውን ህዝባዊ ርእይቶታት ምምሕዳርን ምርግጋጽን'ዩ። በዚ መዳይ ምዕራባውያን ማዕከናት ዜና፡ ነቲ ዕልዋ ብምድጋፍ፡ ተተኺሉ ዝዘሎ መሰጋገሪ መንግስቲ ዝድግፍ ሓበሬታ ይብትና። ማዕከናት ዜና ሩሲያን ናይ ካልኦት ሰዓብታን ከኣ ንዕኡ ዘፍርስ ሓበሬታ የጋውሓ። ኣመሪካን መሻርኽታን ንኣህጉራዊ ዜናዊ ንጥፈት ዓብሊላንኦ የን ጸኒሐን። ኩይኑ ግና ካብ ሩሲያ(RT- Russia Today)፡ ኢራን(Press TV)፡ ቻይና(CCTV- Chinese Cental Televison)ን ቬንዙዌላ(teleSUR)ን ኣብ ዜናዊ ንጥፈት ብዝገበራኦ ወፍሪ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ቀሊል ዘይኩነ ብድሆ'ዩ ዝገጥመን ዘሎ። ንኣህጉራዊ መድረኽ ሓበሬታ ነጊሰናሉ ዝነበራ ዓበይቲ ናይ ሓበሬታ ትካላት፡ ብፍላይ ድማ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ(CNN)ን ብሪጣንያ(BBC)ን ተኣማንነተን እናንቈልቈለ ቁጽሪ ተኸታተልተን ከኣ እንጐደለ'ዩ መጺኡ። ማዕከናት ዜና RT ናይ ሩስያን Press TV ናይ ኢራንን፡ ነቲ ብማዕከናት ዜና ሲ. ኤን ኤን፡ ስካይ ኒውስ፡ ቢ.ቢ.ሲን ፎክስ ኒውስን ተዓብሊሉ ዝጸንሐ መድረኽ ሓበሬታ ንምቕያር ብዝግባእ ይሰርሓ ኣለዋ። ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረት ሂላሪ ክሊንተን፡ ኣብ 2011 ንኣባላት ኮንግረስ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ሓበሬታ ጥራይ ኪይተጸበዩ፡ ቅኑዕ ሓበሬታ መምዮም ንምፍላጥ፡ ካልኦት ናይ ሓበሬታ ምንጪታት ፈትሾም'ዮም።

ኣብ ኩናት ሊብያን ሶርያን፡ ኣመሪካ ካብ ፈለማኡ ምስ ንምምእዛን ብመንገዲ ማዕከናት ዜና ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ'ያ ሩሲያ እትወቕስ። እቲ ክበሃል ዝተደልየ ንግዳም ይወጽእ፡ ካልእ ብዙሕ ሓቅታት ከኣ ኩነ ኢልካ ተሸፊኑ ከምዝተርፍ ይግበር - ብመሰረት




ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ንዘለዎም ዕጡቓት ትሕግዝ ከምዝነበረት'ያ ትውቀስ ዝነበረት። ነዚ ክሲ ኣመሪካ ብኣጋኡ'ኳ እንተዘይተቐበለቶ፡ ማዕከናት ዜና ሩሲያ፡ ቻይናንን ኢራንን ዝፍኖ ዝነበረ ጽዑቕ ሓበሬታት ክትብድሆ ስለዘይከኣለት ክትእመን ክእላ'ያ።

ኣብ ዩክሬን ዘሎ ኩነታት'ውን ካብዚ ዝፍለ ኣይኮነን። ምዕራባውያን፡ ንህዝባዊ ተሳትፎ ጕስዮን ኑቲ ኩነታት ንዕኦን ብዘርብሕ መንገዲ ይቓንያኦ ኣለዋ። ማዕከናት ዜና ሩሲያ ከኣ ነዚ ንምቅላዕ ብዕቱብ ይሰርሓ። በዚ ድማ ኣመሪካን ሰዓብታን ኣንጻር ማዕከናት ዜና ሩሲያ ዝቐንዐ ወፍሪ ኣበጊሰን ኣለዋ። ኣመሪካ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ቡዓህቲ ማዕከናት ዜና ዓለም ትጉብሮ ጸለመን ናይ ምስይጣን ዘሙተን ኑተን ማዕከናት ዜና ንምዕፋን'ውን ትሰርሕ'ያ።

ማዕከናት ዜና ሩሲያ፡ ኢራንን ቻይናን፡ ኑቲ ኣብ ሶርያ ንስርዓት ባሻር ኣል ኣሳድ ንምእላይ ዝካየድ ዝነበረ ዘሙተ ንምዕዋት ብምዕራባውያን ዝፍኖ ዝነበረ ፕሮፖጋንዳ ንምፍሻል ብውህደት ሰሪሐን። ዋሺንግቶን ከኣ ሩሲያን ቻይናን፡ ንስርዓት ኣሳድ ብምድጋፍ ንቕልውላው ሶርያ የጋድዳኦ ከምዘለዋ ክትገልጽ ጀሚራ። እዚ መግለጺ፡ ቻይናን ሩሲያን ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ሶርያ ኩናት ንኸይውሰን ድሕሪ ምቅዋመን ዝሰዓበ ነበረ። ካብዚ ንዳሓር ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ቀጠባዊ ማዕቀብ ንምሕላፍ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጐስጓስ ኩተካይድ ጀመረት። ንማዕከናት ዜና ሩሲያን ፕረዚደንት'ታ ሃገርን ኣብ ምዝላፍን ምጥቃዕን ከኣ ተጸምደት። ንጉዳይ ዩክሬን ብምምኽናይ'ውን እቲ ናይ መጥቃዕቲ ዘሙተ ብዝሓየለ መልክዑ ይቕጽል ኣሎ።

ምዕራባዊ ዓለም፡ ኣብ ዩክሬን ንዘሎ ኩነታት ቡቲ ዝደልዮ መንገዲ ሓበሬታ'ታ ሃገር። ንኤውሮጳዊ ሕብረትን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክን ዝድግፍ ዝተመስርሐ ዛንታታት እናሻዕ ይቃላሕ። ብዕልዋ ዝተኣልየ ፕረዚደንት ዩክሬን ቪክቶር ያኑኮቪች፡ ብልሽው መራሒን ጸግዒ ሩሲያን ምኻኑ ብዘይዕረፍቲ ይንገር። ተቓወምቲ ወገናት ድማ ዲሞክራሲያውያንን ደለይቲ ለውጥን ምኻኖም ይሕበር። ኣብ ድሕረ-ባይታኦም ዘሎ ሕማቕ ግን ብዕላማ ይስገር። ግደ ሓቂ ቀንዲ መራሕቲ ናይዞም "ተቓወምቲ" ዝበሃሉ ወገናት፡ ኣቐዲሞም ኣብ ስልጣን ከምዝነበሩን ብሰንኪ ብልሽው ኣመራርሓኦም፡ ህዝባዊ ደገፍ ስኢኖም ካብ ስልጣን ከምዝወረዱን ክግለጽ ምተገብኦ። ክንገር ስለዘይተደልየ ግን ይስገር። ኣብ ክንዳኡ ብዝተመርጹ ቃላትን ኣበሃህላትን ክድገፉ'ዩ ዝድለ።

ፕረዚደንት ሩሲያ ቪላድሚር ፑቲን ንዝተረሰዐ ድሕረባይታኡ ብምቕስቃስ "ወተሃደራዊ ውልቀመላኺ" እናበላ የሰይጥናኦ። ሕሉፍ ታሪኽ ጆርጅ ቡሽ ዓቢ ኣብ ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣመሪካ(ሲ. ኣይ ኤ) ግን ክግንጸል ኣይድለን'ዩ። እንተተደልየ'ውን ብልኡም ኣዘራርባ ወይ እወታዊ ቃና'ዩ ዝዝከር። ማዕከናት ዜና ምዕራብ "ሩስያ ንክሪምያ ወሪራ" ዝብል ዜና ክደጋግም ከሎ ኣመሪካ ወይ ድማ ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ኣፍጋኒስታን፡ ዒራቕ፡ ሊብያ … ወራር ኣካይደን ኢለን ኣይጠቕሳን'የን።

ኣብ መንጎ ኣመሪካን ሩሲያን እናዓሞቐ ዝኸይድ ዘሎ ዘይምቅዳው ኣብ ዓለም ምሉእ ጽልዋ ክህልዎ ምኻኑ'ዩ ዝግለጽ። ከምቲ ኣልበርት ኣይንስታይን ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ዝበሎ፡ ኣብዚ ናይ ሓበሬታ መዋእል ንሓበሬታ ቡቲ ግቡእ ኣገባብ እንተዘይተጠቒምናሉ ዓለም ናብ ዘመነ እምኒ ከይትምለስ ከኣ ይስጋእ።

# ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ ማዕዙትን ተወፋይነትን

መሓመድኢድሪስ መሓመድ

(11ይ ክፋል)

ሌ/ኮሎኔል ሃይለ ካሕሳይ ምስ ስውእ ኮ/ሚካኤል ፍስሃየ፡ ሜዳ ቅድሚ ምኻድዎም እየም ዝፋለጡ፡፡ ወዲ ካሕሳይ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ብዛዕባ ውሕልነት ሚካኤል ብዙሕ ተዓለምና፡፡ ድሕሪ ታዕለም ኣነ ከም ኤለክትሪሻን ንሱ ድማ ከም መካኒክ ኣብ ጋራጅ ፍልፍል ብሓንሳብ ተመዲብና፡፡ ሚካኤል ተበላሓቲ፡ መኻዚ፡ ተመራማሪ፡ ሓርኮትኮት በሃሊ፡ ለዋህ፡ ደንጋጺ፡ ርህሩህን ኣብ ኩናት ድማ ተባዕን ተዋጋኣይን'ዩ ዝነበረ፡፡ ሚካኤል ዘይሃስስ ታሪኽ ማዕዙትን ተወፋይነትን ገዲፋልና'ዩ ሓሊፉ፡፡ እዚ ሕጂ ታሪኽ ሚካኤል ዘዘንቱ ዘሎ ፋኖር'ውን ምስ ሚካኤል ዝነበሮ ዝምድናን ተመኩሮን ሰራሕን ንርእሱ ከም ኣቦን ወድን ኮይኖም'ዮም ኑቲ ውድባዊ ዕማም ዘሳልጡ ዝነበሩ ክቡል ዝኸእል”



ኣዘንታዊ ሜጀር ጉብረመስቀል ጉብረገርግሽ (ፋኖር)

ደሰምዕ ከም ዝነበረ ድማ የዘንቱ፡፡ “ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከለኹ ሚካኤል - ኣውቶብሳት ‘ሞዴፊካሪ’ ክጉበር ካብ ኣስመራ ናብ ኣዲስ ኣበባ ንሓጺር ግዜ ብመኸፍ መጺኡ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ሓንፈጽ እዩ ዝበሃል ነይሩ፡፡ እቲ ውሓለ ኢዱ ዝሓለፎ ዕዮ ውጽኢታዊ ከም ዝነበረ ድማ፡ ምስክሩ ውጽኢት ስርሑ ነበረ፡፡ ሚካኤል ናብ ኤርትራ ምስ ተመልሰ፡ ምስ'ቲ ኣብ 1975 ዝነበረ ዕግርግር ከይደንጎየ ናብ ሜዳ ወጺኡ፡፡ ንሕና ድማ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብመንገዲ ዓላ ኣቢልና ናብ ሰውራ ተጸንበርና፡፡ ኣነን ሚካኤልን ኣብ ሳሕል ብሓባር

ሚካኤል ኣብ ውድባዊ ስራሕ ኣብ ዝተጸምደሉ እዋን፡ ሰድራ ቤቱኸ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ነይሮም? በዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ለተንክኤል ኑቲ ኩነታት ብኸምዚ ተዘንትዎ፡፡ “ሚካኤል ኩልንትንኡ ንሃገሩ እዩ፡፡ ምስ'ቲ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝነበረ ውግእን ዝሕፈስ ዝነበረ ዓወትን፡ ሓንሳብ ንደብሉብ ሓንሳብ ንሰሚኑ ከም'ኡ'ውን ንሰምሃር ክመላለስ ከሎ፡ ንእግረ-መንገዱ እልይ ኢሉ፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ይሕብረናን የተስፍወናን ነይሩ፡፡ ንሱ ዕርፍቲ ዝበሃል ኣይነበሮን፡፡ ምስ'ቲ ናይ ሸዑ ናይ ዓወት ኣንፈት ድማ፡ ኑቲ ሸዑ ዝወለድናዮ ቆልዓ ባዕሉ ‘ዓወት’ ኢሉ ሰምዩዎ፡፡ ቅድሚ ‘ዓወት’ ሰለስተ ውላድ ነይሮሙና፡፡ እቲ ቦኽሪ ሰመረ፡ እቶም ክልተ ድማ እንድርያስን ጸሃይን ይበሃሉ፡፡ ሚካኤል ናብ ሰውራ ካብ ዝጽንበር ንደሓር ንሃገሩን ውድቡን እንተዘይኮይኑ ንደቁ ቀዳምነት ሂቡዎም ኣይፈልጥን፡፡ ኣብ ደቀምሓረ ከለና፡ እቲ ማእከላይ ቦታ ኣብኡ ስለዝነበረ'ዩ ሓንሳብ ቅልቅል ዝበለና ዝነበረ እምበር፡ ንዓና ክርኢ ኢሉ ዝመጸሉ ግዜ ኣይነበሮን፡፡ ሚካኤል ቅድሚ ስድራቤታዊ ፍቕሩ፡ ሃገራዊ ፍቕሪ'ዩ ዘቐደም ዝነበረ” ብምባል'ያ ተወፋይነት በዓል ቤታ እትገልጾ፡፡

ሜጀር ፋኖር ካብ ደብባዊ ግንባር ናብ ጋራጅ ፍልፍል ምስ ተቐየረ'ውን፡ ሓላፊ ምስ ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ ይራኸብ ነይሩ፡፡ ስውእ ሚካኤል፡ ንሜጀር ፋኖር ከም ኣቦ ኩይኑ የተባብዖን ‘ኣጆኻ’ ይብሎን ከም ዝነበረ ሜጀር ፋኖር ይዝክር፡፡ ፋኖር ድማ ኑቲ ኣቐዲሙ ኣማዕቢሉዎ ዝነበረ ስራሕ ባሊስትራ ኣብ ጋራጅ ፍልፍል ዝያዳ ሰሪሑሉ፡፡ ኑቲ ሸዑ ከም ደጀን ዝነበረ ፍልፍል ከኣ ምስ'ቲ ናይ ሸዑ ናይ ዓወት ተሰፋ ኣዛሚዱ ብኸምዚ ይገልጾ፡፡ “ፍልፍል ብባህሪኡ መስሕብ ስለ ዝኾነ፡ ምስ ጨራሩ እናዕለልካ፡ ሓምላይ እናተዓዘብካን ኣብቲ ጃሕጃሕ ዝበል ዛራ እናተሓጸብካን ኢኻ ደስ እናበለካ ትሰርሕ፡፡ እቲ ኣግራብ ጉዱ እቲ ሩባ ድማ መዘናግዒ እዩ፡፡ ስራሕ ምስ ተወደአ ኩሉ ሞያዊ ተኣኪቡ፡ ከም ደቂ ሓንቲ ሰድራ ተሓቛቒፍካ ተዕልል፡፡ ኣብ ክንዲ ፓስተን ካፑቺኖን፡ ብፎርጃ ሸዊት ዕፉን እናጠበስካ ትፅንገል፡፡ ካብ እንዳ ሕርሻ ቁሩብ ኣራንሺን መንደሪንን እናምጻእካ፡ ከም'ኡ'ውን ካብ'ቲ ንጋራጅና ከበቡ ዝነበረ ቡን እናሸምጠጥካ ቡን ትሰቲ፡፡ ካብኡ ንደሓር ኑተን ካብ ጸላእትና ዝመንዝዕናየን መኪይን ነዕሪ፡፡ ጽግን ዝወዓልካየን መኪይን ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ‘ሓን. . .ሓን. . .’ እናበላ ንስራሕ ድሉዋት እንኽሎና ባህ ይብለካ፡፡ ዘዘጸገንናየን መኪይን ናብ ከረን፡ ደንገሎ፡ ጊንዳዕ፡ ደቀምሓረ. . .ክንሰድደን ከለና፡ እታ ተኸቢባ ዝነበረት ኣስመራ ኣብ ኣብ ሓጺር እዋን ምስ ሓራ ከተማታትና ከም እትጽንበር ንትምን ነይርና፡፡ ኣብ'ቲ ጥውይዋይ ግሩም መንገዲ ፍልፍል ሰለሙና፡ ኑቶም ምምጽኣምን ምኻዶምን ብጥሩምባ ዝሕብሩና ዝነበሩ ግዱሳት መራሕቲ መኪና በዓል ግርማይ (ወዲ-ጎማ). . . ሰውኣት ታጋዳሽታትና እንክንዝክር ሎሚ ኩይኑ ይስመዓኒ፡፡ ንሕና ድማ ሰራሕና ምስ ወዳእና፡ ኣብ'ቲ ዛራ ኑበስና ተሓጺብና፡ ኣብ'ቲ ዕመር ደጀን ፍልፍል ሸናዕ ኢልና ክንዛወር ከሎና፡ ተጋዳላይ ኣብ ዝጠን እተን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝወናጨፋ መኪይን ኮይኑ “ተጋዳላይ ክዋጋእ ከሎ'ዩ፡ ኣምሓራይ ከሃድም ከሎ፡ ሓይሊ ሓፋሽ ኣሰላሲልካ በሎ” ኢሎም እናደረፉ ተሰፋ ዓወት የበስሩና ነይሮም፡፡ ተጋደልቲ ኣብ'ቲ ብጣዕሚ ዝተሸፈነ ሰማይ ጠቀስ እምባታትን ጫካታትን ፍልፍል ክወናጨፉ ከለው፡ ምስ'ቲ ሸዑ ዝነበረ ተሰፋ ናጽነትን ፍናንን፡ ፍሉይ ዝኽሪ'ዩ ዘለኒ፡፡ ኩላቶም ሰውኣት ብጾት ብሓፈሻ፡ ስውእ ሚካኤል ድማ ብፍላይ ኣብ ቀረባ ዝኽረይ'ዮም ዘለዉ፡፡ እቲ ዘይምለስ ናይ ሸዑ ህይወት፡ ምስ ምረቱን ጣዕሙን ፍጹም ዝርሳዕ ኣይኮነን”

ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ከባቢ ኣስመራ ደማዊ ውግእ'ዩ ዝካየድ ነይሩ፡፡ ተጋደልቲ ንሰራዊት ጸላኢ ቀፍቂፎም ናብ ውሽጢ ጎዳይፍ ደፊኦሞ ነይሮም፡፡ ኣብዚ ውግእ'ዚ ድማ'ዩ፡ ድሕሪ እታ ቀዳማይቲ T55 ታንኪ፡ ካልኣይቲ T55 ዝዓይነታ ታንኪ ዝተማረኸት፡፡ ሸዑ ኑታ ታንኪ፡ ኣባላት ጋራጃ ሃይለ ካሕሳይን ያቆብ ሰዩምን ካብ'ቲ ዝነበረቶ ቦታ ኣንቀሳቒሶም ክባቢ ዓዲ-ሓወሻ ምስ ኣብጽሑዎ፡ እታ ታንኪ ብልሽት ስለ ዝነበራ ደምማይ ዓኪሳ፡፡ ሚካኤል ኣብ ቦታኡ እንከሎ ኣብ ሰሓርቲ ታንኪ ከም ዝተማረኸት ብወረ ምስ ሰምዐ፡ ብዛዕባ ካብ'ቲ ናይ ኩናት ቦታ ምውጻኣ እናሓሰበ ተሻቐለ፡፡ ብኸመይ ክትወጽእ ትኽእል እናበለ ሓሰበ፡፡ ንእግረ-መንገዱ ከኣ ደሃይ ናይ'ቲ ኣብ ሕክምና ፍልፍል ደቂሱ ዝነበረ ወዲ በርሀ ክጉበር ናብ ፍልፍል ምስ ተኣልየ ንብኣርሃም ረኸቦ፡ “ሃየ ኣብርሃም ሓዊኻዶ?” ክብል ድማ ተወከሶ፡፡ “ደሓን ኣለኹ፡ ሕጂስ ሓውየ'የ” ምስ በሎ፡ ሚካኤል ቀሩብ ዝን ድሕሪ ምባል ብሓሳብ ናብታ ኣብ ዓዲ-ሓወሻ ዝተማረኸት ኣበሉ፡፡ ናብ ኣብርሃም ግልጽ ብምባል ከኣ፡ “እሞ ኣብርሃም፡ ኣብ ግንባር ሰሓርቲ ሓንቲ ታንኪ ተማሪኻ ኣላ፡፡ ናብኣ ክትቀበል ትኽእልዶ?” በሎ፡፡ ኣብርሃም ድማ “ጸገም የለን፡ ሓውየ እንድየ” ኢሉ ምስ መለሰሉ፡ ሚካኤል ተሓጎሰ፡፡ ወዲ-በርሀ እንተሓወየ፡ እታ ታንኪ ክትወጽእ ከም እትኽእል ስለ ዝፈለጠ፡ ብኡ ንብኡ ንበዓል ኣብርሃም ፍልይቲ ላንድሮቨር ሂቡ ናብ ዓዲ-ሓወሻ ሰደዶም፡፡ በዓል ኣብርሃም ብመንገዲ ጊንዳዕ ኣቢሎም ደቀምሓረ ምስ በጽሑ፡ ሸዑ ሓላፊ ምውፋር ዝነበረ ሸኽ ዛይድ (ሎሚ ኣመሓዳሪ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ገርገስ ግርማይ) ዝሕግዝዎም ሰባት ወሲኹሎም፡፡ በዓል ኣብርሃም ድማ ናብ'ታ ታንኪ ደበኽ በሉ፡፡ ኣብራሃምን ብጾቱን ምስ በዓል ሚካኤል እናተመያየጡ ድሕሪ ብርቱዕ ጻዕሪ ኣብ ካልኣይ መዓልታ ኣዐረይዋ፡፡ ልክዕ ከም'ታ ቀዳማይቲ ኮማንደር ቁጽሪ ሓደ፡ ኣብርሃም ባዕሉ ዘዊሩ ናብ ደቀምሓረ ካብኡ ድማ ክሳብ ፍግረት ኣብጽሓ፡፡ ኣብ ዝሰዓበ እዋናት'ውን፡ ታንክታት ካብ ኣፍንጫ ጸላኢ እናተመንጠለ ንዕጥቂ ሰውራ ኣይልደላ፡፡ እዚ ድማ ፍረ ቃልስን ማስዋእትን ሞያውያን ሰውራን ኣብ ዓውደ ኩናት ዝራጋገጉ ዝነበሩ ጅግኑ ተጋደልቲን'ዩ ዝነበረ፡፡



ስውእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየ



ሌተናል ኮሎኔል ሃይለ ካሕሳይ



ወዲ በርሀ ምስ'ታ ኣብ 1978 ካብ ጸላኢ ዝተማረኸት ታንኪ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ክኣቱ ከሎ

ይቕጽል. . . .

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ክትማውለስ

ወ/ሮ ትርሓስ ጉብረእግዚኣብሄር ገ/ሚካኤል በዓል ቤተይ ነፍ/ብላታ ግርማይ ወልደትንሳኤ ናሽሕ ብዕለት 20/04/2000 ዓ.ም ዝሞቱ ኑዛዜ ንዓይ ምስ 14 ደቁ ይጽደቐልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1.ዮናስ ጉብረ ተገኘ 2.ሄለን ጉብረ ተገኘ 3.ዳኒኤል ጉብረ ተገኘ፡ ኣደና ህድኣት ስብሃቱ ተኽለ ስለዝሞተ፡ እቲ ብውርሻ ዝረኸብኦ ካብ ነፍ/ኣቡኣ ሺቃ ስብሃቱ ተኽለ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋሻ ነፍሒ. ባርዳእ ይጽደቐልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኩዶፈላሲ

ወ/ሮ ርግበ ብርሃነ ሃብተስላሴ በዓል ቤተይ ጉብረብርሃን ጉብረእየሱስ ዑቕባገርግስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸዓዘጋ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ምክኤል ምስ በዓል ቤተይ ኣቶ ሃብቶም ኣብዩ ብፍይ ሃገር ባህሊ ልምድን ተመርዒና፡ እንተኾነ በዓል ቤተይ ንወጻኢ ሃገር ምስ ከደ ደሃይ ስለዘይገበረለይ ጉዳይና ብቤተ ዘመድ ሽማግለ ተረኺቡ መዕለቢ ይገበረሉ ስለዝበለ፣ ኣቶ ሃብቶም ኣብዩ ተጸዊዑ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ን26/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪደባ

ኣቶ ኣኽሊሉ ክፍለ ጉብረሃዋርያት፡ ኣቦና ክፍለ ጉብረሃዋርያት ጉብረኣምላኽ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዛውል

ኣቶ በየነ ጉብረመስቀል ወልዱ፡ ኣቡሓጎይ ደኒ ተስፋክርስቶስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ ደንዞዘን

ኣቶ ወልደኣብዝጊ ጉብረትንሳኤ ተስፋጽዮን በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ለተሃይማኖት ተወልደ እምነዮ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲቡሓይላይ

ወ/ሮ ኣጸደ ታደሰ ብርሃነ በዓል ቤተይ ተኽለ ተስፋሁኒይ ዘርማዝ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ተማ/መልኣከ ጉብረሚካኤል ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ህያቡ ዓሊ ማሕሙድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደባርዋ

ኣቶ ኣሲየስ ዑቕባሚካኤል መንግስትኣብ፡ ኣቦና ዑቕባሚካኤል መንግስትኣብ ዘረጸዮን ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃይለሚካኤል ሓደሽ ተኽሉ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣልጋሽ ፈረጅ ኣልመደም ስለዝዘተሰውኣት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኩዶብዑር

ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋይ ወልደየውሃንስ ትሕተ ዕድመ ጓል 4 ዓመት ኢልዳና ጉብረሂወት ዝተባህለት ካብ ጉብረሂወት ተኽለማርያም ኣድራሻ ደርኮ ዝሸነ ሕጂ ጓለይ ምሳይ ትርከብ ትዓብን ስለዘለ፡ እዚ ጉብረሂወት ተኽለማርያም ጓለይ ኢሉ ስለዘይተኸታተላ ምሳይ ውን ስለዝ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማኸሰይቶ

ወ/ሮ ብርሃና ስቡሓት ኣለክሕ በዓል ቤተይ ተጋዳላይ ሓይሽ ሓጎስ የውሃንስ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ለቱ ኣርኣያ ትኩእ፡ ኣደና ሂወት ያኖም ሓድጉ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ስብሃትለኣብ ጉብረሂወት ዓንደ፡ ወላዲና ጉብረሂወት ዓንደ ጊደ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማዕረባ

ወ/ሮ ጉቱ የውሃንስ ጉብረማርያም፡ ኣደይ ወ/ሮ ሂወት ጉብረ ተስፋዝጊ ስለዝሞተት፡ ኣብ ባንክ ኣብይቲ ዝርከብ ገንዘብ ስለዘለዎ ኣነ ንእደይ ወኪለ ገንዘብ ከውጽእ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ወ/ሮ ማሕሌት የውሃንስ ሃብቶም የውሃንስ ስለዝሞተ፡ 1 ጓሉ ጥራይ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳዕሮ ኩንዖት

ኣቶ ሰመረ ሃብተ በሪሁ፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣስማይት ፍሰሃ ሃይለ ኣብዩ ከምዛ ስለዘይፈልጥ ፍትሕ ይፈጸመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዓንድ

ወ/ሮ ትብለጽ ጉብረመስቀል ሃይሉ ምስ ኣቶ ኣሕፈሮም ማሳፍን ክፍላይ ብ2005 ዓ.ም ቃልኪዳን ኣሰርና፡ 1 ቆልዓ ድማ ወሊድና እንተኾነ ግን ን4 ዓመት ዝኣክል ጠሊሙኒ ኣብዩ ከምዘሎ ደሃይ የብሉን፡ ሕጂ ግን ይጸውዓለይ ምስዘይርከብ ድማ በዚ ቤ/ፍ ሓደ መዕለቢ ናይ ምፍልላይ ክግበረለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ላሕዩ

ክሳሲ ኣቶ የናስ ኣብርሃ ጉብረየውሃንስ ምስ ተኸሳሲት በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሪሀዋ ከተስብርሃን ብሕጋዊ መውሰቦ ተዋሲብና፡ እንተኾነ ግን ብዘይ ሕጋዊ ሃገር ካብ ሃገር ወጺአ 3 ዓመት ትጉበር ኣብዩ ከምዘላ ተውት ሃለዋታ ክፈልጥ ስለዘይከኣልኩ ምስ ከምዚ ድማ ኣነ በይነይ ሓዳር ደልየ ክኸውን ስለዘይከኣልኩ ብሂወት እንተሃልያ ተጸውዓለይ እንተዘይቀሪባ ድማ ጉዳይ ብፍትሕ ክውድኣለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


Eritrean Airlines
Gateway to Africa



# ዘሐጉስ ብስራት

መንገዲ ኣየር ኤርትራ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሰሙናዊ ስሩዕ ዘለዎ ምልላብ በረራ ኣስመራ-ዱባይ-ኣስመራ ካብ መጀመርታ ሰሙን ናይ ወርሒ ሰነ 2014 ጀሚሩ ወትሩ ሓሙስ

ኣስመራ-ሳርጃ-ኣስመራ

ከምኡውን ሰሉስ ን ዓርብን

ኣስመራ-ካርቱም-ኣስመራ

ሰኑይ በረራ ክጅምር ምዃኑ የበስር

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ጎደና ሓርነት ካብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብኣካል ወይ ብቴሌፎን ቁጽሪ 124111 125600 125601 ብምድዋል ወይ ብ ኢ-መይል reservations@eritreanairlines.com.er ወይ erisales@eritreanairlines.com.er

ክርከብ ከምዝኽእል ንሕብር



华勘五一四钻探公司（厄特）

HUAKAN 514 DRILLING COMPANY (ERITREA)

## VACANCY ANNOUNEMENT

Our company Huakan 514 Drilling Co, (Eritrea) invites qualified applicants for the following position.

**Position:** Driller
**Number Required:** Eighteen (18)
**Salary:** As per Company Scale

**Qualifications/Experience:**

- Technical school education and must have good knowledge of drilling techniques, equipment and safety procedures.
- The individual must have excellent technical Skills in core drilling and have participated in training.
- Must have minimum 2 years experience in Drilling operations.
- Organize drill rig maintenance and repairs.
- Ensure samples collected from drill rigs.
- Ensure safety and environmentally compliant operations of drilling.
- Ensure correct drill pattern layout, effective movement of rigs and suitability of drilling platforms.

**Requirements:**

- Physical and psychological fitness to work in various environmental conditions.
- Sociable and could fit within in any working group.
- Capable of working long hours in all weather and difficult conditions.
- Applicant with driving license is more preferred.
- Computer literate.

**Language Requirement:** Good communication skills in English language.

All Candidates should provide certificate of completion or exemption from national service.
Interested applicants are invited to mail their letter of application to both of the following addresses.

1. Huakan 514 Drilling Co. (Eritrea)
P.O. Box 8938
Asmara, Eritrea

2. Ministry of Labor and Human Welfare (MLHW)
Department of Labor
P.O. Box 5252
Asmara, Eritrea

All applicants should send their CV no later than 10 days from the date of announcement.

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይ ጨና

ኣቶ ማሓመድ ሰዑድ ናፍዑ ናይ ኣደይ ወረሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ሰንዓፌ

ሂወት ሽኻላ ኪዳ፡ ሓፍተይ ኪርያ ኣሕመድ ስለዝሞተት፡ ወላድ ውን ስለዘይብላ ኣነ ኣብ ዝንቀሳቐስ ኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃን ሓጎስ ጉብረሂወት በዓል ቤተይ ነጋሽ ማሕሙድ ዳውድ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተብርሃን የውሃንስ ተስፋይ፡ ምስ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ተስፋሂወት ወልዱ ጉብረመድህን ብሕጋዊ መውሰቦ ተዋሲኡብና ካብ ክልቴና ኣብራኽ 1 ቆልዓ ወሊድና። እንተኾነ ግን ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ከም በዓልቲ ቤቱ መጠን ስለዘይረኣየኒ ከመሓድረኒ ክናብየኒ ስለዘይክኣለ ፍጹም ጠሊሙኒ ናበይ ከምዘኸደ ኣይፈልጦን። ልዕሊ 4 ዓመት ይጉብር ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ከምዚ ኢለ ክሓልፎ ስለዘይክኣልኩ ናብ ቤት ዘመድ ሸማግለ ከምርሓለይ። ክሰሰ ብዝወት እንተሃልዩ ይጸውዓለይ እንተዘይቀረበ ድማ ጉዳይ ፍትሕ ክውድኣለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/6/14 ሰዓት 8:00 ቅ/ቀ ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓወሲ ከተማ ጸሮና

ወ/ሮ ሸዊት ኣብርሃ ጉብረ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መብራህቶም ገረዝጊሄር ናይ ሕጊ በዓል ቤተይ ኮይኑ ካብ ክልቴና ኣብራኽ 1 ቆልዓ ኣሎትና። እዚ ተጸዋዒ ጉዳፋኒ ካብ ዝኸደ 5 ዓመት ጌሩ እንተኾነ ከም በዓልቲ ቤቱ ዝኾነ ደሃይ ጌሩለይ ኣይፈልጥን ጉዳይ ናብ ቤት ዘመድ ሸማግለ ይመርሓለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን19/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክፍሊ ብርሃ ኣማን፡ ሓትነይ ኣስፋሽ መለስ ጓንጉል ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን19/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዞባ ጋሽ ባርካ

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊት ወ/ሮ ሂወት የማን ምስ ወሃብቲ መልሲ ዘሎ ክርክር ወሃብቲ መልሲ ዳንኤት ዘርኣይ ፍስሃየ ኣብ ወጻኢ ሃገር ስለዘሎ ኣድራሻኡ ንጹር ስለዘይኮነ ተጸዊዑ ትቕረብ። እንተዘይቀረበ ኣብ ዘየልወትሉ ክረአ ምኳኑ ይሕበር። ንምዝላት ወሃብቲ መልሲ ቁ.2 ድያና ሃብቶም ሞዝላት ሃብተማርያም ጸጋይ ንክቐርብ መጸዋዕታ ይለኣኽ። ቖጸራ ን7/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባረንቱ ዞባ ፍትሒ

ወ/ሮ ብርኽቲ ሓይልኣብ ኣደና ቅድስቲሃና ተስፋጼን ባይረኡ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተሰነይ ዞባ ሰላም

ወ/ሮ ንግስቲ መኮንን ጉብረእግዚኣብሄር፡ ወላዲና መኮንን ጉብረእግዚኣብሄር ተከኤ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ትርሓስ መኮንን ጉብረእግዚኣብሄር ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ማሕሙድ ኣሕመድ ኣደም፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ካብ መሬትን ማይን ኣከቡበን ን/ዞ/ተሰነይ ዝተዋህበትኒ ውዕል ክራይ (ሊብሬቶ) ናይ መንበሪ ገዛ ቁጽራ ዘይዝከራ ቅድሚ 2 ወርሒ ካብ መንበሪ ገዛይ ስለዝጠፍኣትኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዖ ዝበል እንተሎ ክቐርበለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/6/14 ሰዓት 8:00 ቅ/ቀ ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡኩም ጉዳዩ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሻምብቆ

ሂወት ጉብረጾ፡ ትውልዲ ዓደይ ቁናን ቆቢዓ ምባል ተረፉ፡ ትውልዲ ዓደይ ሓቦላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓንበሪ

ኣቶ እብራሂም ኣለሽ ውኡና፡ ሓፍትና ኣለም ኣለሽ ውኡና ስለዝተሰውኣት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ሻምብቆ

በርህ ሃይለ በረቸ ምባል ተረፉ፡ በርህ ሃይለ ወርቀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባጽዕ ምምሕዳር 03

ወ/ሮ ቅድስቲ ትኩእ ካሕሳይ በዓል ቤተይ ማሰፍን ሃይለስላሴ ሃይለማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ብሌን ኮማ

ወ/ሮ ወይኒ የውሃንስ ተስፋይ በዓል ቤተይ መንግስትኣብ ወ/ጊርግሽ ተ/ሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/6/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዓሰብ

ተሰፋልደት ብርሃ እምባዩ ምባል ተረፉ፡ ደጀን ብርሃ እምባዩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን7/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያሬድ ነጋሽ ኢያሴው፡ ሓወይ ፋሲል ነጋሽ ኢያሴው ካብ ወርሒ 02/2011 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብዚ ኣለኹ ክይበለ ደሃይ ስለዘጥፍአ ብሕጊ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን1/7/14 ኣብ ቤ/ፍ መጋባእያ ቁ.3 ይቕረብ።


National Board for Higher Education

SMC UNIVERSITY
Swiss Management Center – Transknowlogy Campus

## Public Advertisement

We are pleased to inform the public that the National Board for Higher Education (NBHE) in collaboration with the Swiss Management Center University (SMCU- Switzerland) has launched Distance Education Program in Eritrea.

So far over 100 students from different Ministries/Government Institutions/ Organizations have been enrolled and are pursuing their studies in various programs. The programs offered are:

**Master Programs**

- Master of Business Admin. (MBA)
- MBA (Information Security Mgmt.)
- MBA (Procurement)
- MBA (Entrepreneurship)
- MSc. in Finance
- MSc. in HR Management
- MSc. in Political Sci. & Empowerment
- MSc. in Global Dev't Economics
- MSc. in Accounting

**Doctorate Programs**

- Doctorate of Business Admin. (DBA)
- Doctorate of Finance
- Doctorate of Management
- Doctorate of Political Economy

www.smcuniversity.com

❖ Ministries/Government offices can enroll students into these programs if they can pay tuition fees.

❖ Individual applicants can apply to one of the above programs provided that they are able to pay or arrange for the payment of their tuition fees.

For further information, please contact the following:

**Asmara:**
Dr. Bissrat Ghebru
Tel +291-1-118558/201538
E-mail: bissgk@gmail.com

**Kenya/Switzerland:**
Dr. Kesete Abraha
Tel +254-722-821278/732-479664
Email: a.kesete@smcuniveristy.com
keseteabrha@yahoo.com


## ምልክታታት

ኣቶ ናትናኤል ያቆብ ጸገዘኣብ ዝተፈቕደሎም ናይ ፋስት ፋድ ንግዳዊ ትካሎም "ተረስቲና ፋስት ፋድ" (TERESTINA FAST FOOD) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቐርቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝገቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሸጣዊ ንግዲ

ኮ/ል መንግስትኣብ ተኽለ ክብሮም ናይ ትንሳኤ ሓ.ዝ.ብ.ማ ኣኪያዲ ስራሕ ኮይኖም ን ሰለስተ ዓመት ከገልግሉ ብቦርድ ከምዝተመርጹ ነፍልጥ።

ትንሳኤ ሓ.ዝ.ብ.ማ

ኣቶ የሲፍ ጺጋይ ተስፋዝጊ ዝተፈቕደሎም ናይ ጽሕፈት መሳርሒ መሸጢ ትካሎም "ማዕከን ናይ ጽሕፈት መሳርሒ መሸጢ" (MAEKEN STATIONARY) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እቲ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቐርቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሸጣዊ ንግዲ

ምስክር ወረቐት 117575 መወከሲ ቁጽሪ 118437 ዝበል ብስም ኣቶ ሃይሉ ተከኤ ሃይሉ ዝፍለጥ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ምስ ካልእ ተመሳሳሊ ደኩመንትታት ብዘይተፈልጠ ኩነታት ስለዝጠፍኣኒ፡ መተካእታኡ ክሓትት ስለዝኾንኩ ወዲቑ ረኺብዮ ወይ ብዕዳ ሓዚዮ ዝበል ሰብ ኣብ ጎደና 117-5 ቁ.ገዛ 5 ከቢ ዕዳጋ ሓሙስ ክልእኽለይ ወይ ሞባይል ቁ.07200145 ደዊሉ ክሕብረኒ።

መም/ኣብራ ካሕሳይ

# ኣፍልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## ተኣምራ እንስሳታት ባሕሪ

ኣብቲ ካብ መሬት ብሰለስተ ዕጽፊ ዝዓቢ ስፍሓት ዘለዎ ባሕሪ ኣገዳሲ ብርክት ዝበሉ ኣገረምቲ ፍጥረታት ደርከቡ ኢዮም። ገለ ካብኦም ብዙሓት ንምጥቃስ፥

ዓይኑስወር ዓሳ፦ ብዚይካ ኣብ ቺያ ዝተባህለ ቦታ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ካልእ ቦታ ዘይርከብ ዓሳ'ዩ። ካብ ግዜ ፍጥረቱ ኣትሒዙ ብዘይ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ዝውለድ ዓይነ ስውር ዓሳ ብናይ ምሽታትን ናይ ምስማዕን ህዋሳቱ ተሓጊዙ ከም ካልኦት ዓይነታት ዓሳ ሂወቱ ዝመርሕን ዝጥፍን ዓሳ'ዩ።

ኣርከር- ሃዳናይ ዓሳ ኣርከር። ኣብ ግዝኣቱ ንዘርከቡ ሓሰኻን ካልእ ንመግቢ ዝኾኑዎ ዝኾኑ ዒሌታት ኣብ ጭርሖም ብዘርከቡ ሳንቡእ ደም የስተንፍሱ።

ኣዚያ ትድቐቕ እምቢር ናይ ባሕሪ ፍጥረት'ያ፥ ኣንስተይቲ ሓሰኻ ባሕሪ፥ ርኩብ ንምፍጻም ኣብ እትደልየሉ እዋን ንጭራ ተባዕታይ ሓሰኻ ባሕሪ ነኺሳ ብምቑርጣም'ያ ትውሕጦ። ምኽንያቱ ኣብ ጭራ ተባዕታይ ሓሰኻ ባሕሪ፥ ዋህዮ ዘርኢ ስለዘሎ ተበሊዓ ምስ ሓቐቐት ነታ ኣንስተይቲ ዘርኢ ይኾናን ከም ትፈሪ ድማ ይገብራ።

ኣሰናን ብዕድመ ዝደፍኣ ሰብ ይኹን እንስሳ እንተደኣ ተሰይሩ ወይ ኀሪፉ ናይ ምብቋል ዕድሉ ኣዝዩ ጸቢብ'ዩ። ኣብ ባሕሪ ዝነብር ብህይወት ክሳብ ዘሎ ሓደሽ ሰኒ ክበቚል ደቀቕቲ ፍጥረታትን ሃዲኑ ዝበልዕ ዓሳ'ዩ።



ኣርከር ኣብ ግዝኣተ ባሕሪ እናተንቀሳቐሰ ገለ ሓሰኻ መሰሊ ምስ ዝርኢ፥ ማይ ምዒት ንቅድሚት ዓቢኑን ብልክዕ ነጺሩን ብሓይሊ ብምትፋእ ነቲ ሓሰካ ብምቕታል ድረር ዕለቱ ይገብሮ።

ኢለክትሪ ኢል፦ ኢለክትሪ ከምንጭው ዝኽእሉ ብዙሓት ዓይነታት ዓሳታት'ኳ እንተሃለው፥ ኣብ ደቡብ ኣሜሪካ ንዝርከብ 'ኢልክትሪ ኢል' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓይነት ዓሳ ዘርከብ ግን የልቦን። እዚ ብገዉሓት ቁመቱ ገዚል ዝመስል ዓሳ 10 ሳምቡዲናታት ከብርህ ዝኽእል ሓይሊ ኢለክትሪክ ዘመንጩ ክሳብ 500 ቮልት ዝበጽሕ ዓቕሚ ኣለዎ። 2.5 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ኢል ካብ ሰብነቱ ብዝፍልፍል ሓይሊ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ዓሳታት ኣደንዚዙ ብምቕታል ንዕለታዊ መግቡ ከምዝጥቀመሉ'ም ክግለጽ ከሎ ንዘርኮሳ ይኹን ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ዝጋጥሞ ሓደጋታት ንምክልኻል ከኣ ይጥቀመሉ።

ሶማያዊ ዓሳ ነብሪ፦ ሶማያዊ ዝሕብሪ ዓሳ ነብሪ ካብ ካልኦት ዘርኢ ዓሳ ነብሪ ፍሉይ ዝገብሮ መለዩኡ ኣዒንቱ ኣዝየን ፈጣጣት ምዃነን'ዩ። ንግዝፊ ኣዒንቱ ዝወዳደሮ ዛጊት ኣይተረኽበን። ናይ ዓይኑ ሰንጣቒት 1.27 ሰ.ሜ. ደበጽሕ። ቁመቱ 30 ሜትሮ ክኸውን ከሎ ኣብ መዓልቲ 40 ኩንታል ዝምዝን መግቢ ድማ የህልኽ።

ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ኣትማን እውን ኣለው። እዞም ብዓይነቶም ልዕሊ ሓምሳ ዝተዓደለ ፍጡር ግን ኣሎ - ሓርገጽ።

ኣብ እዋን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ማህሰይቲ ዘጋጥሞም ተጻወትቲ፥ መድሃኒት ተገይሮሎም ብቐጽበት ተንሲኦም ጸወትኦም ክቕጽሉ ንዕዙብ ኢና። እዚ መድሃኒት መድሃኒት ካብ ዕምባባ ባሕሪ ከምዝሰራሕ እንፈልጦ ክንደይ ኮን ኾንና?

## ሕቶ ንዑብርም

1. ካብ መላእ ክፋል ኣካላትና ደም ዘይቕበል ክፋል ኣካልና ጥቐስ?

ሀ. ኮርኒያ ለ. ከበሮ እዝኒ ሐ. ጸጉሪ ኩብዲ መ. ኩሎም መልሲ ኢዮም

2. ኣካላቶም ምስቲ ዘለውዎ ከባቢ ብምምስሳል ንጹላእቶም ዘደናግሩ ዓሌት ዓሳ ስሙ፥

ሀ. ኦክቶፐስ ለ. ሶካት ሐ. ካትፊሽ መ. ስታር ፊሽ

3. ናይ 2014 ውድድር ዋንጫ ዓለም መበል ክንደይ ውድድር ዋንጫ ዓለም'ዩ?

ሀ. 19 ለ.18 ሐ.20 መ.21

4. ንተኾሊ ባናና ካብ ዜጥቕዑ ሕማማት ዘይኮነ

ሀ. ሕማም ፓናማ ለ. ኒማቶድ ሐ. ሕማም ሲጋቶካ መ. ኣንትራክኖስ

5. ፈለምቲ ተዓወትቲ ውድድር ዋንጫ ዓለም ናይ ኣፍስወከፍ ኣህጉር ግለጽ።

### መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ሕቶ ንዑብርም

1. ሐ 2. ሀ 3. ጥን ኪ. ሙን

4. ዋና ጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ

## ዊኪሊክስ

ዊኪሊክስ ስም ናይቲ ኣብ 2006 ኣብ ሃገረ ኣይስላንድ "ሳንሻይን ፕረስ" ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ማሕበር ዝፈለመ ኣህጉራዊ፥ ዘይሻራዊ፥ ካብ ረብሓ ነጻ ዝኾነ መርበብ ሓበሬታ'ዩ። ዊኪሊክስ ብመንገዲ እቲ ቀጥታዊ ናይ ኢንተርነት መስመሩ ኣቢሉ ዝተፈላለዩ ምስጢራውያን ሓበሬታት፥ ዘለሓኹ ዜናታትትን ካልኦት ሰነዳትን ካብ ስሞም ዘይግለጹ ምንጭታት ተቐቢሉ ናብ ህዝቢ ዓለም ይዝርግሕ። ኣውስትራሊያዊ ጁሊያን ኣሳንጅ መስራትን ኣካያድን ዊኪሊክስ ክኸውን ከሎ ክሪስቲን ህራፈንሰስ፥ ጆሴፍ ፋረልን ሳራ ሃሪሰንን እቶም ኣብዚ እዋን እዚ ኣፍልጦ ዘለዎም ተሓጋገዝቲ'ዮም።

ዊኪሊክስ ከም መርበብ ሓበሬታ ኮይኑ ዝተመዝገበሉ እዋን ኣብ ጥቅምቲ 4, 2006 እዩ። ናይ ፈለማ ሰነዱ ድማ ኣብ ታሕሳስ 2006 ዘርጊሑ። እቲ መርበብ ሓበሬታ ወላ'ኳ እቲ ዝበዝሐ መጠን ሓበሬታት እቶም ኣባላቱ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ዝረኽቡዎ እንተኾኑ፥ ኣብ ብርክት ዝበሉ ወለንተኛታት እውን ዝምርኮስ'ዩ። ኣብ ሰነ 2009 ብዝተወሰደ መጽናዕቲ ቁጽሪ ወለንተኛታት ዊኪሊክስ ምብራኹ ዘነጽር'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ እቲ መርበብ ሓበሬታ ልዕሊ 1,200 ምዝጉባት ወለንተኛታት ኣባላት ነይሮሞ።

ብመሰረት መግለጺ ዊኪሊክስ፥ ቀንዲ ዕላማኡ "ኣገዳስን ሓቀኛን ሓበሬታን ዜናን ናብ መላእ ህዝቢ ዓለም ምቕራብ" ዝብል እዩ። ብተወሳኺ እውን ኣብቲ ዝዝርጋሕ ሓበሬታ እቲ ሓቀኛን ኦርጂናልን ዝኾነ ሰነድ ብምዝርጋሕ ሰባት ኣብ ሓቅነቱ ክኣምኑ ዘኽእሎም ጭቡጥ መርትዖ ከምዝህልዎም ምግባር እቲ ቀንዲ ንጥፈታት እቲ ትካል'ዩ። እቲ ካልእ ዕላማ ዊኪሊክስ ድማ ምስጢራውነት ናይቶምንዘተፈላለዩ ሓበሬታት ዘልሕኹ ጋዜጠኛታትን ለሓኹቲ ሓበሬታን (whistle blower) ምዕቃብን ካብ ዝመጽኦም ሳዕቤናት ምክልኻልን ዝብል'ዩ። ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ዝዝርግሑ ሰነዳት ቅድሚ ናብ ህዝቢ ምዝርግሖም ብደቂቕ ዝጽንዑ ምኺኖም ዝግለጽ ኮይኑ፥ ናይ ቋንቋን ናይ ኮምፒዩተር ፕሮግራም ክኢላታት ዝኾኑ ኣባላት ነቲ ሰነድ ብደቂቕ ብምጽናዕ ኣብ መወዳእታ ብውሳነ ኣሳንጅ ምስ ጸደቐ ይዝርጋሕ። እዚ መጻናዕቲ፥ ኣብቲ ሰንዳት ንዘሎ ሓበሬታታት ንምዝንባዕ ዘይኮነስ ብቐንዱ ንምንጪ እቲ ሓበሬታ ንምፍታሽን ኣምሳይኡ ድማ ንምስጢራውነት እቲ ምንጪ ንምዕቃብን ዝዓለመ ተግባር ምዃኑ ይግለጽ።

ስርዓተ ምሕደራ ዊኪሊክስ ብዝምልከት ዝተፈላለዩ ሓበሬታት'ኳ እንተሃለዉ፥ ኣብ 2010 ንዝተገብረ ቃለ መጠይቕ ምርኩስ ብምግባር፥ ኣብቲ ማሕበር ዝነጥፉ ኩሎም ኣባላት ዝኾነ ረብሓ ይኹን ኣታዊ ካብቲ ትካል ኣይረኽቡን'ዮም። ጁልያን ኣሳንጅ ዝርከቦም ሓሙሽተ ኣባላት ነቲ ስራሕ ብቐዋምነት ምሉእ ግዜኦም ሂቦም ዝነጥፉ ክኾኑ ከለዉ፥ ኣስታት 800 ወለንተኛታት ኣባላት ድማ ከከማድላይነቶም በብግዚኡ ኣብ ስራሕ እቲ መርበብ ሓበሬታ ይሳተፉ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ዊኪሊክስ ኣታዊ ንምርካብ ተባሂሉ ዝተመስረተ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ዝበዝሐ ወጻኢታቱ በቶም ወለንተኛታት ኣባላት'ዩ ዝሽፈን። ካብ ብርክት ዝበሉ ወገናትን ትካላትን ኣብ ዝርከብ ወፈያታት ድማ ኣዝዩ ዝተመርኮሰ'ዩ። ዓመታዊ ወጻኢታት እቲ መርበብ ሓበሬታ ክሳብ 200 ሽሕ ዩሮ ኣቢሉ ይበጽሕ። ካብዚ እቲ ዝበዝሐ ኣብ ንጥፈታት ዝርገሐ እቲ ሰነዳትን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ቢሮክራሲያውያን ንጥፈታትን ዝውዕል'ዩ። ሳሕቲ እዋናት እቲ ዝርከብ ምንጪ ዝኽፈሎ ምስ ዝኸውን ግን እቲ ወጻኢት ክሳብ 600 ሽሕ ዩሮ ዝዓርገሉ እዋን ከምዘሎ ይግለጽ። ምስ ተጻብኦ ኣሜሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ኣብ ልዕሊ'ቲ ትካል፥ ናይ ወፈያ ንጥፈታት ብምጉዳሉ ርእሰ ማል ዊኪሊክስ ከንቀልቁልን ከም ውጽኢቱ ድማ ሓደ ሓደ ንጥፈታት እቲ ትካል ክቋረጽን ተራእዩ'ዩ። ድሒሩ ግን እቲ ሕጽረት ርእሰ ማል ምሽፋኑን ዝተቛረጹ ንጥፈታት ምጅማሮምን ተሓቢሩ።

ሕጋውነት ዊኪሊክስ ንምግላጹ ዘሸግር'ዩ። ኣካያዲ እቲ ትካል ኣሳንጅ ንዊኪሊክስ ከም "ድንድል ድሕነት" እዩ ዝጠቕሶ። እዚ ማለት ለሓኹቲ ሓበሬታ(whistle blowers) ነቲ ዝረኸቡዎ ሓበሬታ ብቐጥታ ናብ ፕረስ ካብ ምዝርጋሕን ናብ ካልእ ሳዕቤናት ካብ ዘቃልዑን ዊኪሊክስ ነቲ ሓበሬታኦም ተቐቢሉ ንምጢራውነቶም ብምክልኻል ነቲ ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ዘዝርጋሓሎም መራኸቢ ማለት ምዃኑ ይገልጽ። ቀንዲ መደበሩ ኣብ ሽወደን ዝገበረ እዚ መርበብ ሓበሬታ ምስ ምዝርጋሕ ኣዝዮም ምስጢራውያን ሰነዳት ተኣሳሲሩ ከም ኣሜሪካን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራት ንስራሕ ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ብምቅዋም ኣብ ልዕሊኡን መስራቲኡ ዝኾነ ኣሳንጅን ገበናዊ ክስታት ከቕርባ ይረኣያ'የን።

መርበብ ሓበሬታ ዊኪሊክስ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ማእለያ ዘይብሎም ምስጢራውያን ሰነዳት ናብ ህዝቢ ብምዝርጋሕ ምስጢር ብርክት ዝበሉ ጉዳያት ናብ ኣደባባይ ኣቃሊዑ'ዩ። ንኢ-ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ እሱራት ጓንታናሞ፥ ንወራራት ኣሜሪካ ኣብ ዒራቕን ኣፍጋኒስታንን ዝምልከት ምስጢራዊ ሰነድ፥ ንቕትለ መቕዘፍቲ ዒራቓውያን ሰላማውያን ሰባት ዘርኢ ናይ ቪድዮ ስእሊ እቶም ዝጥቀሱ ክኾኑ ከለዉ፥ ኣብ መላእ ዓለም ንዘጋጠሙ ፍጻሜታትን ብሕጂ ክትግበሩ ዝተወጠኑ ብርክት ዝበሉ ምስጢራውያን ጉዳያት ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ብጭብጢ ዝተሰነየ መርትዖ ዝሓዘ ሰነዳት ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ዊኪሊክስ ናይ ኣዒንትን ኣእዛንን ህዝቢ ዓለም በጺሖም ኣለዉ።








# ሽባብ

## ክብረት

ንኽብረት ከም ዛዕባ ኣልዒልና ኣብ እንዛረበሉ እዋን፡ ክብረት ከም ኣምር እንታይ ማለትዩ? ንመንከ እዩ ዝግባእን ዘገልግልን? ዝብሉን ግቡእ መልሲ ዘድልዮም ዘይስገሩ ካልኦት ሕቶታትን ክለዓሉ ባህርያዊዩ። እዚ ኣርእስቲ'ዚ ብደረጃ ከፋፊልካ ክርአ ዘለዎ ዓሚቕ መጽናዕቲ ዘድልዮ ሰፊሕ ኣርእስቲ ምዃኑ፡ ብዙሕ ሓተታ ዘድልዮ ኣይኮነን። ብዓቕመይ ክገልጾ እንተድኣ ኰይነ፤ ክብረት ንባህሊ፡ ልምዲ፡ ስነ-ምግባር ብሓፈሻ ንኣነባብራ ሕብረተ-ሰብ ዘጉልሕ፡ ንሂወት ወዲ ሰብ ክብሪ ዝድርዕ ቀመምዩ ክብል እደፍር። ምናልባት ደረጃ ክብረት ናይ ኩሉም ሕብረተሰባት ዓለምና እንተዘጸየር፡ ሓደ ዓይነት ዘይኮነሉ ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ንባህሉ፡ ልምዱን ስነ-ምግባሩን ዘንጸባርቕ ናይ ጉዳእ ርእሱ ፍሉይ ክብረት ስለዘውንን። እዚ ይኹንምበር፡ መልእኽትን ትርጉምን ግን ሓደ እዩ።

ክብረት ብዝተፈላለየ መልክዕ ክግለጽ ዝኽእል፡ ሓደ ካብ መለክዒታት መርኣያ ስነ-ምግባር (Public Orientation) ካብ ዝኾኑ ኣምራት እዩ። ወዲ ሰብ ከኣ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ከም መሳርሒ ርእሰ-ምክልኻል ይግልገለሉ። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ክብረት ኣብ ሕብረተሰባት ዝህልዎ ሚዛን ይፈላለ ይኹንምበር፡ ዕላምኡስ ብዙሕ ዝርሓሓቕ ባህሪ ኣይህልዎን። ኣብዚ ግን ክሰሓት ዘይብሉ ሓደ ሓቂ ኣሎ።

ክብረት ሓደ ካብ ስራሕ ሕልና ምዃኑ ዝዘንግዕ ዘሎ ኣይመስለንን። ሕብረተ-ሰብ ዝምርሓሉን ዝግዝኣሉን ስርዓተ-ሕጊ ብቐንዱ ንዋጋ ክብሪ ንምዕቃብ ዝተነድፈ'ዩ እንተባህለስ፡ መዓስ ካብ መስመር ሓቂ ዝወጸ ኰይኑ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ክብረት፡ ንምስሊን ክብሪ ወዲ-ሰብ ዝሕሉ ምዃኑ'ዩ ዝእመን።

ኣብ ሃገርና ብሓባርን ተቐራሪብን ዝነብር ሕብረተሰብ'ዩ ዘለና። ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ማሕበራዊ ናብርኡን ኣነባብርኡን ከም ሓደ ኣካል ብምዃን፡ ብፍቕርን ሓድነትን ተጠሚሩ እናተደጋገፈ፡ እናተሓላለየን እናተኸባበረን ይነብር። ኣብ ከምዚ ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኣመሰለ ብፍቕርን ስኒትን ንሓድሕዱ እናተደጋገፈ ዝነብር ሕብረተሰብ ከኣ ትርጉም ክብረት ጉሊሑ ይንጸባረቕ፡ ኣኽብሮት ንወለዲን ብዕድመን ደረጃን ካባኻ ንዝዓበዩን ጥራሕ ዘውሃብ ናይ ዝመስለሎም ወገናት ቑጽሪ ውሑድ ዘይከውን ይኽእል'ዩ። ግና ብደረጃን ዕድመን ካባኻ ንዝንእሱ ወገናት'ውን እቲ ዝግብኦም ክብሪ ክወሃቦም ከምዝለዎ ዘይምዝንጋዕ ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ክብረት ወዲ ሰብ ከም ዋጋ ኣቕሓ ንኸምዚ ደረጃን ዕድመን ዘለዎ ክንደዚ ክብረት'ዩ ዝግብኦ ኢልካ ውረድ ደይብ ትብለሉ ኣይኰነን። ስለዚ ወዲ ሰብ ይዕበ ይንኣስ ኩሉ ክብረቱ ክሕለወሉን ክብረት ካልኦት ክሕሉን ግዴታ ከምዝለዎ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ ሓደ ውርዙይ ሕብረተሰብ ጭዋ ባህልን ስነ-ምግባርን ይነጸባረቕ። ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ኸኣ እናተወራረሰ ይኸይድ። መንእሰያት ከኣ ኣብዚ ናይ ምውርራስ መስርሕ ዚያዳ ሓላፍነት ይስከሙ። ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት እትዕዘቦም፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ብዝርከቡ ኣባላት ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣብዑቶም ኑቦሶምን ትርጉምዚ ኣርእስቲ ዝርድኡ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ዝንጸባረቑ ናይ ኣኽብሮት ምልክታት ምልኣተ-ሓገስ ዝፈጥሩ እዮም። ኣብ ናይ መንግስቲ ኣውፀብሳትን ዓሚቕ መልእኽቲ ዝሓዘለ እዩ። ዕላምኡ ከኣ ዋጋ ክብረት ማዕረ ክንደይ ረዚን ምዃኑ'ዩ ዝበርሃልና። ሓቂ'ዩ ክብረት ንኽብረት ዝፈልጥ ምሃቡ ዚያዳ ክብረት እዩ። ከመይሲ ክብረት ንዋጋ ክብረት ዝፈልጥ እንተሃብኮዮስ ትርጉማ ብዝግባእ ስለዝፈልጥ። ግና ከምኡ ደዩ ክኸውን ዘለዎ? እቲ ዋጋ ክብረት ስኣን ምፍላጡ ዘይኽበረኽ ድኣ እንታይ ይኹን?

ትርጉም መስርሕ ህይወት ደቂ ሰብ፡ ኣብ መስርሕ ሓድሕዳዊ ምንባር ምንባርን ምትሕልላይን ምትሕቝቛፍን ኰታ ኣብ ክብረት ዝሰረተ እዩ። ብዓንደ-ርእሱ ትግባረ ምኩብባር እንተዘይሃልዩ፡ ኸኣ እዚ ዝተጠቕሰ ፋሉስ እዩ። ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ መስርሕ ምንባርን ምንብባርን ድማ መቐረት ኣይምህልዎን። ብወኸይ፡ ክብረት ማለት ብሓፈሻዊ ኣረዳድኣ፡ መሰል ፍጡራት ዝሕሉ ስነ-ምግባር (ድስፕሊን)'ዩ ዝብል ጸግዒ ሓሳብ'ዩ ዘለኒ። ሰራቒኮ ልማድ ኰይንዎ እዩ ዝሰርቕ። ስሱዕ'ውን ከምኡ። ክብረት ከኣ ንኣመሉ'ዩ። እዚም ከምዚኦም ዝበሉ ተግባራት ብባህርን ትዕድልትን ዝወራረሱ ዘይኮኑስ ዝተራዕሙ እዮም። ምስ ኩነታት ከኣ ክሰዓቡን ክኩሓዱን ይኽእሉ።

ኣብ ህይወት ቀንዲ ሕመረት ክብረት'ያ። ካብ በልና እምብኣር፡ ንሳ ዕጥቂ እያ። ንዕኣ ዝፈልጥ ዕጥቁ ድልዱል። መትከሉ ፍሉጥ። ተቦግስኡ ድጉፍ። ምኽንያቱ እሙንን ተስዓብን'ዩ። ክብረት መሳታ ቀዳሞትን ዳሕረዎትን'ያ እንተተባህለት ዝማጉት ካልኦት ማሕበራውያን ንጥፈታትን ሓገዝ ንዘድልዮም ብዕድመ ዝደፍኡ ሽማግለታት፤ ነፍሰ-ጾራትን ሕሙማትን ንምሕጋዝ ዘርእይዎ ሓልዮትን ክብርን ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል ነጥቢ እዩ። እዚ ከኣ መርኣያ መግለጺ ክብረት እዩ።


"ክቡር የኽብረካ መጠን ኑብሱ..." ዝብል ምስላ ሕብረተሰብና ኣሎ። እዚ ብሂል እዚ፡ ክብረት ኑቲ ክብሪ ዝምጡ ክቡር ዝግባእ ምዃኑ ዘመልክት ኣሎድዩ? ከምቲ፡ "ኩሉ ሓላፊ፡ ቃልን ስምን ግና ተረፍቲ" ዝበሃል፡ ክብረት ከኣ ከምኡንያ። ዋጋ ክብረት ክቡር ምዃኑ ዘረድኡና ብዙሓት ኣብነታት ተጠቒሶም ኣለው፡ ሰባት ንኽጥዕሞም ክብሉ ከምዝከባበሩ ዝኾነ ነባሪ ናይዛ ፕላኔት ዝሰማማዓሉ ሓቂ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ንኽብሪ ከባቢኡ ንኸይድሩፈር ክብል መስዋእቲ ይኸፍል። ኣብዚ እዋንዚ ኩሉ ኣብ ኩርናዓት ዓለም ዝነብር ህዝቢ፡ "ምንባር ሓሲሙና። ዝግብኣና ክብሪ ኣይተዋህበናን። ብግዝእ ሃገርና ዓድና፡ ጸጋና፡ ባሕርና፡ ኣየርና ተወሪርና" እናበለ ዝተነፍጎ መሰሉን ክብሩን ክምለሰሉ መዓልታዊ ዘቕርቦ ሕቶታት ህይወት ማእሊያ የብሉን።

ኣብ ማሕበራዊ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰበይቲ ሰበይቲ ገይሩ። ኣብ ልዕሊ ሰብኣያ ሰብኣይ ኣእቲያ። ብኽብረይን ክብሪ ቤተሰበይን ተላጊጹ/ጺ ተጻዊቱ/ታ። ክብሪ ቤተይ ኣድፊሩ/ራ። ዝብሉ ዘረባታት ወትሩ ዝደጋገሙ ጉዳያት ኮይኖም ኣለዉ። እዚም ጉዳያት እዚኣቶም ዝለዓሉ እምብኣር፡ ዋጋ ክብረት ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ንምግላጽ እዩ። ዝተተንከፈ ክብሪ(ክብረት) ናብ ንቡር ክትመልስ ከኣ ዝኸበደ ዋጋን ዝሓየለ መስርሕን ዝሓትት'ዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ክብሪ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ነገራት እውን ጸላዊ እዩ። ክብሪ ዘለዎ ኣቕሓ ከምድላይካ ዓይነትን ብዝሕን ክትውንን ትሕዝቶ ዓቕሚ ዝሓትት'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ መጋዘጽቲ ነገራት እንተድኣ ኣተኩርና፡ ወርቂን ኣልማዝን ክሰለም ዘይደሊን ዘይብህግ የለን። ብሰሪ ክብሩ ግን ክውንንዎ ዝኽእሉ ወገናት ውሑዳት እዮም። ኣብዚ ክብሪ ንብረትን ክብሪ መሰላትን ዘመሳስሎም ርዝኑቶም ዝሓትዎ ዋጋ እዩ። ዝፈላለዩም ከኣ ዋጋ ንብረት ኣብ ዕዳጋ ብፕገዙብ ወይ'ውን ንዕኡ ብዝመስሉ ነገራት ዝለዋወጥ ክኸውን እንከሎ፡ ዋጋ ክብሪ ወዲ ሰብ ግና ብመልክዕ ምስጋናን ዓጸፋታ ኣኽብሮትን ዝኸፈል ምዃኑ እዩ። ምስትምቓሩ ከኣ ብዓህሳስ ስነ-ኣእሙርኣዊ ዕግበት ይልካዕ።

ክብረት መዓስ ኣብ ወዲ ሰብ ጥራሕ፡ ኣብ እንስሳታት'ውን ዘሎ እዩ። ንኣብነት፡ ንህቢ፡ ከይተንከፍካዮ ዘይጉዳእ ሓሰኻ እዩ። ንገደብ ክብረቱ ጥሒስካ ናብ ቐፎኡ ምስትቐርብን ነገሩ ምስ እትደልዮን ግና እትኸፈሎ ግብረ መልሲ ቀሊል ኣይከውንን። ኣንበሳ እውን ከምኡ ናተይ ዝብሎ ገደብ ግዝኣተ ኣለዎ። ጥፍኢ ዝበላ ህይወት ከኣ'ያ ናብዚ ዝተጠቕሰ ከባቢ ወይ ዓንኬል ትኣቱ። ኣብ ኣካል ምድሪ ዝኾኑ ማያት ዝነብሩ ዝተፈላለዩ ህይወታውያን መሰል ዋንነት ናይ ስፍራ ከም ዘለዎም ይፈልጡ እዮም። ዘይፈልጥዎ ባዕዲ ወይ ጸላኢ ናብቲ ከም ግዝኣቶም ዝፈልጥዎ ስፍራ ተወስ ምስ ዝብል ድማ ዓጸፋታ ግብረ መልሲ ከምዝሁብሉ ርዱእ እዩ። እቲ ዝርዝር ብዙሕ'ዩ፡ ከይነውሓና ግና ኣብዚ ከሕጽሮ። ወድሓንኩም።

ዓንዶም (ወዲ ሰረስ)



## ሕቶ ሻቡብ

## ረሃጽ ብኸመይ እከላኸሎ?

ሕቶ፡ ሃሩር ይሃሉ ኣይሃሉ ብቐጻሊ'የ ዝርህጽ። ጻዕዳ እግረይን ኢደይን ትሽቱሸይ፡ ገጸይ ... ካብቶም ብቐጻሊ ዝርህጹ ክፋላት ኣካላተይ እዮም። ብፍላይ ኣብ ቅድሚ ሰባት ወጺአ ክዛረብ ኣብ ዝፍትነሉ እዋን፡ ሽዓ ንሽዓ ብትሽቱሸይ ረሃጽ ወረር ወረር ኪብል እስምዓኒ። እግረይ'ውን ብሰንኪ ረሃጽ፡ ብቐጻሊ እዩ ዚሽትት። ዘዘገበርክዎ ክዳን ብረሃጽ ክጥልቂ እንከሎ'ውን ጸቡ'ቕ ኣይስምዓንን። ጠንቂ እዚ ኩሉ ሽግር እንታይ ኪኸውን ይኽእል? ብኸመይከ ካብ ብዙሕ ምርሃጽ ክገላገል እኽእል?

መሓመድ ኣማን - ዓዲ-ቐይሕ

መልሲ፡ ብዙሓት ሰባት፡ ብዙሕ ምርሃጽ ከም ሓደ ዓቢ ጸገም ገይሮም ይወስድዎ እዮም። እንተኾነ፡ ኣዝዩ ንቡርን ኣብ ብዙሕ ሰብ ኪጋጥም ዚኽእልን ምዃኑ ኸኣ ክበርህ ይግባእ። ምርሃጽ፡ ሙቐት ሰብነትና ኣብ ምህዳእን ምዕቃብን ዓቢ ተራ እዩ ዚጻወት። ገለ ሰባት'ውን ኣብ ዚሓርቁሉን ዚፈርሑሉን ግዜ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ዘጋጠሞም ወጥሪ፡ ብዙሕ ይርህጹ እዮም። ምኽንያቱ፡ ምፍጣር ኣሉታዊ ስምዒታት ኑቶም ጽክታት ርሃጽ ከምዝነቓቕሑ ስለዝገብርዎም።

ብሓፈሻ፡ ምርሃጽ ገለ ካብ ምልክታት ጉብዝና እዩ። ኣብ ግዜ ጉብዝና ወይ ግርዝውና፡ ኣካላዊ ለውጢ ከኸርኢ ንጅምር እሞ፡ ሚልዮናት ጽክታት ረሃጽና ኸኣ ይነቓቕሑ። ምንቕቓሕ ናይዞም ጽክታት ከኣ'ዩ ብዙሕ ከም እንርህጽ ዝገብረና። እዚ ረሃጽ እዚ፡ ምስ'ቶም ኣብ ቈርበትና ኪጸንሑ ዚኽእሉ ባተርያ ምስ ዚሕወስ ከኣ ሕማቕ ሽታ ኪፈጥር ይኽእል። ንኣብነት፡ ጻዕዳ እግርና ንርስሓት ቅሉዕ ብምዃኑ፡ ብቐጻሊ ምስ እንርህጽ፡ እቲ ረሃጽ ምስቶም በቲ ርስሓት ኪፍጠሩ ዚኽእሉ ባክተርያ ተሓዊሱ ኣዝዩ ሕማቕ ሽታ ኪፈጥር ይኽእል እዩ። ክብደት ናይቲ ሽታ ግና ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ።

ምእንቲ'ዚ፡ ካብ ምርሃጽ ምግልጋል ኣጸጋሚ እኳ እንተኾነ፡ ነዞም ዚስዕቡ መባእታዊ ምኽርታት ግና ክንክተል ይግባእ፦

- ቀቀልጢፍካ መላእ ሰብነትካ ምሕጻብ

- ኣእጋርካ መዓልታዊ ብውሑዱ ክልተ ግዜ ምሕጻብ

- መዓልታዊ ካልሲ'ኻን ጫማ'ኻን ምቕያር

- ክፉት ሳእኒ ወይ ከኣ ካብ ቈርበት ዝተሰርሐ ጫማ ምዝውታር

- ናብ ኑብሰ'ኻ ልግብ ዚብል ማሊያ ምውዳይ'ውን ካምቻታትካ ብረሃጽ ካብ ምጥልቃይ ከገላግል ይኽእል እዩ።

- እንተ ተኻኢሉ ብዙሕ ከም እትርህጽ ዚገብሩ ቀመም ዝበዝሖም መግብታት ምውጋድ።

- ረሃጽ ብቐሊሉ ከርእዩ ዚኽእሉ ካምቻታት እንተ ዘየዘውተርካ እውን ካብ ስክፍታ ከገላግለካ ይኽእል እዩ። ብመጽናዕቲ ከም ዝተበጽሐ፡ ንኣዝዮም ዚርህጹ ሰባት፡ ጻዕዳን ጸሊምን ካምቻታት እቶም ዝተመርጹ ምዃኖም ይንገር።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እግርኻ ብቐጻሊ ዚሽትት እንተ ኰይኑ፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ካብ ምርሃጽ ዘገላግሉ መድሃኒታት ምውሳድ ይከኣል እዩ።

ኣብ መውዳእታ ክንብለካ እንደሊ፡ ስለእትርህጽ ጥራይ ብዙሕ ክትስከፍ ከም ዘይብልካ እዩ። ርሃጽ ተፍጥሮኣዊ ውህብቶና ብምዃኑ፡ ምንም ከሰክፈካ የብሉን። ደሓር ከኣ ተሰኪፍካ ኣብ ተብሎ ከም ዘይብልካ ክበርሃልካ ይግባእ።

# ካብ ዝገ ትን

ዓንዶም ጸጋይ




ኣብ ክሊ ቀይሕ ባሕሪ ንመግቢ ኮነ ንኻልእ መዓላ ዝውዕሉ ኣሰታት 1,200 ዝኾኑ ዘርእታት ዓሳ ኣለዉ። ካብዚኦም እቶም 225 ዓይነት ዘርእታት ኣብ ቀይሕ ባሕርና ጥራሕ ይርከቡ። እዞም ዝተፈላለዩ እንስሳታት ባሕሪን ዓሳታትን ኳቶም ባህርን ጠባያትን ዘለዎም ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብ ጸላእቶም ንምክልኻል ዝተፈላለየ ጥበብ ይጥቀሙ'ዮም።

ጋጊር ዝተባህለ እንስሳ ባሕሪ ንዘመጾ ጸላኢ ጸለም ቀለም ዝመስል ዘይንዱእ ፈሳሲ ናብ ዓይኑ ብምትፋእ ይሃድም። ከም ዶልፊን ዝኣመሰሉ ዓሌት ዓሳ ድማ ኣዝዮም ቅልጡፋት ብምዃኖም ካብ ጸላእቶም ንምክልኻል ዝለዎም ናይ ቅልጣፈ ተውህቦ ይጥቀሙ። ባራኩዳ ዝተባህለ ዓሌት እንስሳ ድማ ካብ ጸላእቱ ንምክልኻል ፍሉይ ዝበለ ኣኻኹብ ይጥቀም።

እዙም ዓሌት "ሓደኛት ሓይሊ'ዩ" ዝበሃል መርገጺ ዝኽተሉ ኮይኖም ሓብሮም ብምንዃዝ ካብ ጸላእቶም ይከላኸሉ።

ቺያ- ኣብ ኣፍሪቃ ጥራይ ዝርከብ ዓሌት ዓሳ'ዩ። እዚ ዓሳ ፍጥር ካብ ዝበሃል ኣትሒዙ ዓይኒ ኣልቦ ኮይኑ ዝኾነ ነገር ክርኢ ኣይክእልን'ዩ። "ዓይኒ ስውር ዓሳ" ብዝበሃል ስም ዝፍለጥ ዓሳ ቺያ ልዑል ናይ ምስማዕን ምሽታትን ክእለት ዘለዎ ኮይኑ በዞም ዝተገልጹ ናይ ስምዒት ህዋሳት ተሓጊዙ ዕለታዊ ንጥፈታቱ የካይድ።

ኣርከር- እዚ መጸውዒ ናይቶም ኣብ ማያዊ ኣካል ዝርከቡ ብሃደንቲ ዝፍለጡ ዓሳ ባሕሪ'ዩ። ዓሳ ኣርከር ኣብ ግዝኣት ባሕሪ እናተንቀሳቐሰ ከሎ ንዝረኣዮ ሓሸኻ መሰሊ ፍጡር፡ ማይ ምዒት ኣስተኻኺሉ ብናህሪ ብምጭማት (ብምትኳስ) ሓደጋ የውድቐሉ።

ኢሊ- ኣብ ደቡብ ኣሜሪካ ብብዝሒ ዝርከብ ዓሌት እንስሳ ባሕሪ ኢሊ፡ ብንውሓቱ ገቢል እምበር ዓሳ ክትብሎ ዘደፍር እንስሳ ባሕሪ'ዩ።ኤለክትሪክ ናይ ምምንጫው ብቕዓት ዘለዎ ኢሊ፡ ክሳብ 500 ቮልት ( ንየ10 ላምፓዲናታት ከብርህ ይኽእል) ዝበጽሕ ሓይሊ ኤለክትሪክ ከመንጩ ይኽእል።

## ጸዕቂ ህዝቢ ዝረኣየለን ከተማታት ዓለም

ኣብ ዓለም ብመንጽር ስፉሓተን እንክረኣያ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ዘለወን ደሴታት ኮይነን ተመሪጸ ዝኾና ባህርያውን ሰብ ሰርሖ ጸጋታት ድማ ዘውንና እየን። ብመንጽር ስፍሓተንን ዘለወን መጠን ህዝበን ኣብ ግምት ብምእታው ኣዝዩ ጸዕቂ ህዝቢ ዝረኣየለን ቀዳሞት ሃገራት ዓለም።

1. ሞናኮ፡ ኣብ 1.96 ትርብዒት ኪ.ሜ ስፉሓት ኣሰታት 32,410 ሰባት ይቕመጡ።
2. ሲንጋፖር፡ 1 ትርብዒት ኪ.ሜ ስፉሓት ኣሰታት 6,300 ሰባት ይቕመጡ።
3. ቫቲካን ሲቲ፡ 44 ሄክታር ስፉሓት ኣሰታት 820 ሰባት ይቕመጡ።
4. ማንደልሽሱ፡ 298 ትርብዒት ኪ.ሜ ስፉሓት ኣሰታት 298,842 ሰባት ይቕመጡ።
5. ባሕሬን፡ 1.02 ትርብዒት ኪ.ሜ ስፉሓት ኣሰታት 987 ሰባት ይቕመጡ።

## ሕብሪ ጸሓይ ብሓቂ ብጫ ድዩ?

ንኣሰሊ ብምጥማት ሕብሪ ብርሃን ጸሓይ እንታይ ዓይነት'ዩ ዝብል ሕቶ እንተዝቐርበልና፡ መልስና እንታይ ምኾነ? መቸም ድርጋ ሙብዝሕትና ብጫ ዝብል መልሲ ምሃብና። እንተኾነ ሕብሪ ጸሓይ ዘይተም ግምት ብዙሓት ብጫ ዘይኮነ ጻዕዳ ሕብሪ'ዩ። እቲ ንጸሓይ ብጫ ሕብሪ ከምዝለዎ ጌሩ ዘርእየና ድማ ኣብ ኣእምሮና ዝኸሰት ናይ ምንዳድ (ቃጸሎ) ባህሪ ሃዋህው (atmosphere )'ዩ።

ከም ኣካልጻ ጂኦግራፈያዊ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዝኾነ ከም ሓጺን ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ዝሑዱ እዋን ናብ ቀይሕ ሕብሪ ይቕየሩ'ዮም። ምስ ኣየር ኣብ ዝወሃሃዱሉ እዋን ድማ ሕብሮም ናብ ብጫ ይቕየር። እዚ ኣገባብ ድማ ኣብ ኣእምሮና ይኸሰት ብምዃኑ ንጸሓይ እንተህሮ ጻዕዳ ብርሃን ኣብ ሃዋህው ብዘፍጥሮ ቃጸሎ (ናይ ምንዳድ ባህሪ) ብጫ ሕብሪ ከምዝለዎ የምስሎ።

ገለ ካብ ሓቅታት ጸሓይ እንክንድህስሱ፡

- ስፉሓት ጸሓይ 1.4 ሚልዮን ኪ.ሜ እዩ። እዚ ማለት ክንዲ 109 ብዝሒ ስፉሓት ንብረላ ፕላኔት ምድሪ ማለት'ዩ።
- ጸሓይ 99% ካብ ጠቕላላ ክብደት ጸሓያዊ ስርዓት ደሸፍን።
- ጸሓይ ዝበዝሐ ኣካሉ ብሃይድሮጅንን ሂሊየም ዝቖመ'ዩ። 91 ሚኢታዊት ኣካል ጸሓይ ብሃይድሮጅን ዝቖመ ኮይኑ፡ 7 ሚኢታዊት ብሂሊየምን ዝተረፈ 2 ሚኢታዊት ድማ ብኻልኦት ባእታታት ዝቖመ'ዩ።

## ትፈልጡ'ዶ

- ኣብ ጥንታዊት ሮማ ሊላ ዝሕብሩ ልብሲ (ክዳን) ንንጉስ ጥራይ ዝተሓዘአ ነበረ።
- ኣብ ዓለም ክሳብ ሎሚ ኣገልግሎት ዝሀቡ ካብ ዘለው ኣብያተ ባኒጣ እቲ ዝወሓ ዕድመ ዘለዎ ቤት ባኒጣ ኣብ ሳንክር ዝተባህለት ቁሸት ናይ መታሕት ስኮትላንድ ዝርከብ ኮይኑ ካብ 1712 ኣትሒዙ ብዘይምቁራጽ የገልግል ኣሎ።
- ዓሳ ብብዝሒ ዘዘውትራ ነፍሰ ጾራት ዝወልዳኦም ቈልዑ ምስ ሰባት ዘለዎም ናይ ምርድዳእ ክእለት ልዑል'ዩ።
- ሾላ ኣብ ሰማይ ኮይኑ ኣብ መሬት ዝሎ ሓሸኻ ክርኢ ይኽእል።
- ትንፋስካ ብምዕባጥ ኣበሸኻ ከተጥፍእ ከምዘይትኽእል
- ጉንቦ ኢድካ ብመልሓስካ ክትንክፍ ከምዘይትኽእል
- ኣሓሒቶ ብኽልቲኡ ኣዒንታ ኣብ ሓደ እዋን ናብ ክልተ ዝተፈላለየ ኣንፈት ክትርእይ ትኽእል።
- ኣንስትዮ ጣንጡ ጥራይ'የን ዝነኽሳ፡ እቲ ዝመጽዎኦ ደም ድማ ንመፍረ ዘገልግለን እንቋቑሖ ከፍርያ ይሕግዘን።




ንኣህጉር ኤስያ ምንጪ ትሕዝቶ ቱሪዝም ዝኾነ፡ ፈለግ ያንገዘ ኣብ ሃገረ ቻይና ዝርከብ ክኸውን ከሎ፡ ልዕሊ 6,300 ኪ.ሜ ዝርግሐ ድማ ኣለዎ። ንቻይና ከም ቀንዲ ማእከል ሕርሻዊ ንጥፈታት ብምዃን ዘገልግል ፈለግ ያንገዘ ብስፉሓቱ ኣብ ኣህጉር ኤስያ ናይ ቀዳማይ ስፍራ ክሕዝ እንከሎ ኣብ ዝርዝር ደረጃ ዓለም ድማ ናይ ሳልሳይ ክብሪ ይረክብ።

ንብዙሓት ሓውሲ ደሴት ከተማታት ቻይና መሰረት ርቡሕ ቱሪዝምያዊ ኢታዊ ዝኾነ ፈለግ ያንገዘ ንከተማ ሻንጋይ መእተዊ ኣፍደገ ዘርሕው ማያዊ ኣካል'ዩ። ብተወሳኺ ኣብ ሃገረ ቻይና ዝለዓለ ናይ ኢንዱስትሪ ስፍራ ዝኾና ከተማታት ወኣንን ቾንጊንን ኣብዚ ፈለግ ተደኲነን ይርከባ። መጠናዊ ሙቐት ዝረኣዮ ክሊማ ዘውንን ፈለግ ያንገዘ ዓመታዊ ደሓን ዝኾነ ማይ ከምዝረክብ ይፍለጥ።

## ጂምናዝዩምን ጥቕምታቱን

ጂምናዝዩም ኣብ ምህናጽ ኣካላት ዘተኩሩ ንጥፈታት ዘጠቓልል ዓይነት ስፖርት'ዩ። ኣብ ጥዕና ደቂ ሰብ ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎ ዝገለጽ ጂምናዝዩም ከም ምልዓል ክብደት፡ ምውስዋስ ኣካላት (ኤሮቢክስ)፡ ጸወታታት ባድሚንተን፡ ብዘመናዊ መሳርሒ ተሓጊዝካ ዝፍጸም ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ካልእን ዝኣመሰሉ ስፖርታዊ ንጥፈታት የጠቓልል። ንጥፈታት ጂምናዚዩም ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኣብ ሃገረ ግሪኽ ዝተጀመረ ኮይኑ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዓለም ብዝለዓለ መልክዑ ዝዘውተር ዓቢ ዓውደ ስፖርት'ዩ።።

ጥቕምታት ጂምናዝዩም

- ምሉእ ጥዕና ንምውናን ይሕግዝ።
- ንሕማማት ሸኮርያ ጸቕጢ ደም፡ ልብን ካልእን ይፍውስ።
- ንዝለመሰ ኣካላት ኣብ ምብርባር ዝለዓለ ጥቕሚ ይህብ።
- ስሩዕ ቅርጺ ሰውነት ንኽህልወካ ይሕግዝ።
- ነጻን ቅሱንን ዝኾነ ሕገስ ኣእምሮ ንምውናን ይሕግዝ።

ምንጪ፡ መጽሓፍ- ዊኪፐድያ



## ኣብ ማህጸን ዝተጀመረ ጉድመኛ ፍቕሪ ዕሸላት

ጁልያን ጄናን ዝተባህላ መናቱ ዕሸላት ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝተወልዳሉ ህሞት ኢድ ንኢድ ተተሓሒዘን ምውላደን ንብዙሓት ዘገረመ ፍጻመ ኮይኑ ኣሎ። እዘን ካብ ቲዝትዋይትን ሳራን ዝተባህሉ ሰብ ሓዳር ዝተወልዳ ዕሸላት ሳሕቲ ብዘጋጥም "mono mono- birth"( ሓባራዊ መድሓንቲ ዘውንና) ዝበሃል ክስተት ዝተጠቕዓ ኮይነን፡ ክልቲኣን ብሓባር ካብ ማህጸን ወላዲተን ኣብ ዝወጻሉ ኢጋጣሚ ሃንሕድሕደን ኣእዳወን ብምጭብባጥ "ሓደ ኢና" ዝስምዕ መልእኽቲ ኣመሓላሊፈን። ሓደ ኣብቲ ኢጋጣሚ ዝተሳተፈ ሓኪም "ዝገርም ክስተት'ዩ ብኸመይ ኪጋጥም ክኢሉ ኣይደርናንን'ዩ" ክብል እንከሎ፡ ወላዲተን ሳራ ድማ " ደቀይ ካብ ሕጂ ኣትሒዘን ዝፋተዋ ኣሓት ምዃነን ኣማስኪረንየን" ክትብል ብኣግርሞት ገሊጻ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## . . . ልዕሊ ሽሕ ቃላት



"ምስ ኣድሓኖም መጥቃዕቲ ምስ ፈጸምና፡ ክልቴና ክንረብሕ ድማ ናህርና ከነዛይድ ተሰማሚዕና። ኣብ መወዳእታ ዕድል ኣይገበረን። ንዝተጻወቶ ተራ ድማ ኣመስግኖ" ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር።





ተቐዳዳሚት ኤለክትሮላይት ወላዚት ኪዳ ንሰለስተ ዓመታት'ያ ሻምፕዮን ኤርትራ ኮይና። ኣብ ናይ ትማሊ ቀዳመ-ሰንበት ውድድር ዘርኣየቶ ዝለኣደ ብቕዓት ግን መግለጺ የብሉን።



ኣማኑኤል ገብሬኑ መዛዘሚ ሕንጻጽ ድሕሪ ምርጋጹ ዝለበረ ቅጽበታዊ ውድድር ንልቢ ተዓዘብቲ ዝሰጠ ነይሩ - ኣሮንን የናስን ኣብ ጥምጥም።



ምሉእ ዕጥቂ ምስ ምሉእ ብቕዓት። ናትናኤል ኣብ ውድድር ክሮኖ ሜተር ግዚኡ ሓልዩ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ኣብ ዝበጽሓሉ ህሞት።



ብቕድሚ ትማሊ፡ ጉዳይም ተጻወትቲ ንሊደት ዙርያታት ውድድር ብምኽያዶም ንናይ ቅድም ተዘክሮታት ንተዓዘብቲ ክቓንጁ ክኢሎም እዮም። ኣሕመድ መሓመድ ስራጅ፡ ዮናስ ተኸስተን ሃብተኣብ ሰለሙንን ድማ እቶም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጹ ተቐዳደምቲ እዮም።

## ደሃይ ዋንጫ ዓለም 2014

= ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 እትሳተፍ ሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ፡ ንተጻዋታያ ጁሰፐ ሮሲ ብሰንኪ ኣብ ብርኩ ዝገጠሞ ማህሰይቲ ከምዝኸሰረቶ ተፈሊጡ። እቲ ኣጥቃዒ ክለብ ፊዮረንቲና፡ ትማሊ ቀዳም ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣየርላንድ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ምህዛነት ንኣስታት 70 ደቓይቕ ተጻዊቱ። እንተኾነ ኣብ ብርኩ ብዝገጠሞ ቃንዛ ኣብቲ ግጥም ከምቲ ዝድለ ክጻወት ኣይከኣለን - ተቐይሩ ድማ ወጺ። ድሒሩ ድማ ካብታ ሃገራዊት ጋንታ ምስናባቱ ተፈልጠ። ቅድሚ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ 17 ጸወታታት ሰረ'ኣ 14 ሸቶታት ዘመዝገበ ሮሲ፡ ኣብዚ ዓመት እዚ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ዘርሕቖ መጉዳእቲ ከምዝገጠሞ ይፍለጥ። ኣብ 2006 ተዓዊቲት ናይቲ ውድድር ዝኾነት ኢጣልያ፡ 12 ሰነ ምስ እንግሊዝ ግጥም ይጽበያ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ምድብ ክልተ ምስ ኮስታ ሪካን ኡራጓይን እውን ክትጻወት እያ።

= ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ምሕዝነት ሃገራውያን ጋንታታት ፖርቱጋልን ግሪኽን፡ ኮኾብ ተጻዋታይ ፖርቱጋል ክርስትያኖ ሮናልዶ ከምዘይተሰልፈ ተፈሊጡ። ኣብቲ 0ብ0 ዝተዛዘመ ግጥም፡ ኣቐዲሙ ምጭብባጥ ጭዋዳ ገጢምዎ ዝነበረ ሮናልዶ፡ ክሰለፍ ትጽቢት እኳ እንተነበረ፡ ነቲ ግጥም ኣብ ደገ ኮይኑ እዩ ክዕዘቦ ተገዲዱ። ኣብቲ ግጥም፡ ፖርቱጋል፡ ብዘይካ ንሮናልዶ፡ ንፐፐ ከምኡ እውን ራውል መረለስ ኣብ ጥዕናኦም ብዝገጠሞም ጸገም ክትኸስሮም ተራእያ። ፖርቱጋል ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ምስ ጀርመን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ጋና ክትምደብ እንከላ፤ ግሪኽ ድማ ምስ ኮሎምብያ፡ ኣይቮሪኮስት ከምኡ እውን ጃፓን ናይ ምድብ ጸወታኣ ከተካይድ እያ።

= ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ብራዚል ከተኣንግድ ልዑል ኀሰኅስ ዘካየደ 'ንጉስ ኵዕሶ እግሪ' ፐለ፡ ወዱ ኤዲንሆ ን33 ዓመታት ክእሰር ብምፍራዱ ኣብ ዓቢ ጭንቀት ምህላው ተሓቢሩ። እቲ ምስ ሽየጥቲ ዕጸፋርስ ጥቡቕ ርክብ ዘለዎ ተጻዋታይ ነበር (ኤዲንሆ ምኻኑ እዩ) ኣብ 2005 ብተመሳሳሊ ምኽንያት ናብ ቤት ማሕቡስ ምውራዱ ይፍለጥ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ምስቶም ኣስገርቲ ዕጸፋርስ ዓበይቲ ገበናት ብምስርሑ እዩ ን33 ዓመት ናብ ቤት ማእሰርቲ ክወርድ ተበይኑሉ። ፔለ ነቲ ክሳብ 1990 ሓላዊ ልዳት ሳንቶስ ኮይኑ ንዝተጻወተ ወዱ ንምብጻሕ ናብ ቤት ማእሰርቲ ይመላለስ ኣሎ።

= ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ - ሮይ ሁድሰን፡ ተጻወትቲ ክለቡ ሃገራዊ መዝሙር ሃገሮም ከጽንዑ ዕዮ ገዛ ምሃቡ ቢቢሲ ሓቢሩ። ጽባሕ ምስ ኤኳዶር ናይ ምሕዝነት ጸወታ ንምኽያድ ትቀራረብ ዘላ እንግሊዝ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ እውን ምስ ሆንዱራስ ክትገጥም እያ። እንግሊዝ ምስ ኢጣልያ፡ ኡራጓይ ከምኡ ድማ ምስ ኮስታ ሪካ ኣብ ምድብ ኣርባዕተ ናይ ዋንጫ ዓለም ትርከብ።

= ዝሓለፈ ሳልስቲ ጀርመን ምስ ካሜሩን ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ምሕዝነት 2ብ2 ተፈላልያ። ኣብቲ ግጥም ሸቶ ዘቑጸረ ሳሙኤል ኤቶ፡ ንሓጎሱ "ዕድመ ዝደፋእኩ ኣይኮንኩን' ብዘስምዕ ከምዝጸንበለ ተሓቢሩ። ንሱ ኣቐዲሙ እውን ንኣሰልጣኒ ክለቡ - ሞሪኖ ንምብጫው ሕቑኡ ብምሓዝ ኣብ ኩርናዕ ሜዳ ብምድናን 'ዕድመ ከምዝደፍአ' ከመስል ዘርኣዮ ምንቅስቓስ ኣቓልቦ ብዙሓት ክስሕብ ምኽኣሉ ይፍለጥ።

= ኣብ መጉዳእቲ ዝጸንሐ ሉዊስ ስዋረዝ ትማሊ ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ፍኹስ ዝበለ ልምምድ ከምዘካየደ ተሓቢሩ።

= ዝሓለፈ ሰሙን ዓሶ ከምዝሓመመ ዝተሓበረ ኣይቮርያዊ ኮሎ ቱረ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ምጽንባሩ ኣዛራቢ ኮይኑ።

= ንውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ትዳሎ ዘላ ጀርመን፡ ንከም ኬቨን ቮላንድ፡ ሙስታፊን ሽመልዘርን ከምዘይመረጸቶም ተሓቢሩ። ኣሰልጣኒኣ ጀዋኪም ሎው፡ ኣብ መጉዳእቲ ዝርከቡ ሽዋይንስታይገር፡ ላህምን ኑዌርን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ናብ ጸወታ ክምለሱ ዓቢ ተስፋ ገይሩ ምህላው ይንገር።

## እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

= ኩብረወሰን ምምዝጋብ ሸቶ እስጳኛ ሒዙ ዝርከብ - ዴቪድ ቪላ ካብ ኣትለቲኮ ማድሪድ ወጺኡ ናብ ኒውዮርክ ከቕንዕ መደብ ምሓዙ ተሓቢሩ። እቲ ወዲ 32 ዓመት ተጻዋታይ፡ ነታ ንሓደ ዓመት ስፖርት ክጻወተላ ዝጸንሐ ክለብ ክሓድጋ ዝወሰነሉ ምኽንያት፡ 'ለውጢ' ብምድላይ ምኻኑ ኣነጺሩ። ድሕሪ 1996 ተዓዊቲት ላ'ሊጋ እስጳኛ ኣብ ዝኾነት ኣትለቲኮ ማድሪድ፡ ዴቪድ ቪላ 13 ሸቶታት ኣበርኪቱ። ቪላ ካብ 2010 ብ34 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቫለንስያ ናብ ባርሳ ምስግጋሩ ይፍለጥ። ንሰለስተ ዓመታት ድሕሪ ምጽዋት ድማ ናብ ኣትለቲኮ ማድሪድ ክሰግር ከምዝኸኣለ ይፍለጥ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ 94 ጸወታታት ዘካየደ ቪላ፡ 58 ሸቶታት ብምቑጻር እታ ክለብ ተዓዋቲት ዋንጫ ኤውሮጳን ዓለምን ክትከውን ዕዙዝ ኣበርክቶ ገይሩ።

= እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ንማርዮ ባሎተሊ ብ30 ሚልዮን ፓውንድ ንምግዛእ ምስ ሚላን ዝርርብ ምጅማራ ይግለጽ ኣሎ። እቲ ተጻዋታይ ብዘይካ ብኣርሰናል፡ ብሞናኮ እውን ይህደን ኣሎ። ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሲቲ ዝነበረ ባሎተሊ፡ ዝሓለፈ ዓመት ንክለቡን ሃገራዊት ጋንታኡን ኣብ ዘካየዶም 40 ጸወታታት 18 ሸቶታት ኣቑጺሩ።

## "ንኹሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ይቕሬታ እሓትት"

ዳንኤል ተኽለሃይማኖት

ኣብ ውድድር ግዜ - ክሮኖሜተር - ንናትናኤል ስዒቡ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘ ኣሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት፡ ኣብ መሸለሚ ቦታ ብዘይምርካቡ ደረጃኡ ብሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ከምዝተሰረዘ ይፍለጥ። ዳንኤል ድሕሪ እቲ ብቕድሚ ትማሊ ዝተኻየደ ውድድር ብዛዕባ እቲ ኩነታት ተዛሪቡ ኣሎ - ምሉእ ትሕዝቶኡ ይስዕብ።

እቲ ዘጋጠመ እንታይ ነይሩ?

ዳንኤል፥ ናብ ድሕሪት ቁሩብ ክመልሰካ። ብመሰረት ውሳነ ናይ ፌደረሽን እቶም ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ዘይነበርና ተቐዳደምቲ፡ ብዝወደቕልና ዕጫ መሰረት ኢና ተበጊስና። ኣነ ናይ 2011 ተዓዋቲ ክሮኖ ሜተር ክንሰይ፡ ቅድሚት ክበገስ ኣይተቐበልክምን። ኣብቲ እዋን እውን ናብ ናይ ሽልማት ምዕዳል መስርሕ ጉድለታት ነይሩ። ኣብ እዋኑ ኣይተዋሃብናን። ሽልማት እውን ኣይረኣናን። ግን እዚን እትን ክብል ኣይደልን። ሓደ ካብቲ ጥቕሚ ኣብ ድሕሪት ምብጋስ፡ ብዋዜ ናይቲ ቅልጡፍ ሰዓት ዘመዝገበ ተቐዳዳማይ ንጉዕዞኻ ተሰላስል ምኻኑ እዩ።

ንስኻ ፕሮፌሽናል ተቐዳዳማይ ኢኻ። ግና ኣብ ናይ ቀዳም ጸወታ "ንስዕረትካ ስለዘይተቐበልካ ኢኻ ኣብ ቦታ ሽልማት ዘይተረኸብካ" ንዝብል ዘረባ እንታይ እዩ ምላሽካ?

ዳንኤል፥ ንስዕረትን ዓወትን ብጹጋ ዝቕበል ሰብ እየ። ስዕረት ዘሎ እዩ። ንስዕረተይ ድማ ተቐቢለዮ እየ። ነቶም ኣብ ሻምፕዮን ዓወት ዘመዝገቡ ድማ እንኳዕ ሓጎሰኩም እብሎም።

ተዓዘብቲ ብሓፈሻ፡ ኣብቲ ውድድር ክሮኖ ሜተር ዝነበሩ ድማ ብፍላይ ኣብ ስነስርዓት ምዕዳል ሽልማት ዘይምንባርካ ኣቕሒርምም እዮ እሞ . . .

ዳንኤል፥ ንኹሉ እቲ ክሳብ ሕጂ ሞራልን ደገፍን ዝገበረ ኣፍቃሪ ስፖርት ብፍላይ ድማ ቅድድም ብሽክለታ፡ ይቕሬታ እሓትት።

## ኣልታሕሪር ጽዋእ ናጽነት ኣልዒላ

ኣብ መንጎ 14 ጋንታታት ዞባ ማእከል ክካየድ ዝጸንሐ ውድድር ዋንጫ ናጽነት 2014፡ ብቕድሚ ትማሊ ብዓወት ኣልታሕሪር ተዛዚሙ።

ኣብቲ ኣርባዕተ ጋንታታት ሃገራዊ ሊግ ዞባ ማእከል ዝተሳተፋሉ ጽዑቕ ውድድር፡ ኣልታሕሪር ምስ ኣስመራ ቢራ እያ ንፍጻመ በጺሓ። ኣልታሕሪር ጸወታ ካብ ምጅማሩ እያ ላዕለዋይ ኢድ ንምሓዝ ጸዒታ። ኣብ መበል 11 ደቒቕ ድማ ሰለጣ። ፊልሞን ብርሃነ ንዝረኸባ ኲዕሶ ምስ ሰኪዔት ብምውህሃድ መሪሕነት ኣትሒዛ። ድሕሪ እዚ ፍጻመ ብወገን ክልቲኤን ጋንታታት ርጉእ ዝኾነ ናይ ጸወታ መንፈስ ኣይነበረን። ኣዝዩ ሓርፋፍ ከምኡ እውን ዘይምስምማዕ ተጻወትቲ ንኽልቲኤን ጋንታታት ሓሓደ ተጻወትቲ ኣደዳ ቐይሕ ካርድ ክገብሮም ክኢሉ እዩ። ሂኖክ ኣለምን ሳሙኤል ሃይለን ድማ እቶም ካብ ሜዳ ዝተባረሩ እዮም።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣስመራ ቢራ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ እኳ እንተነበረት ክትጥቀመሉ ግን ኣይከኣለትን። ጸወታ ድማ ብዓወት ኣልታሕሪር 1ብ0 ተዛዚሙ።

ንደረጃ ዕዳጋ ሓሙስን ኣርባዕተ ኣስመራን እየን ተራኺበን። ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ መበል 44 ደቒቕ ብመገዲ ስምኦን ሚኪኤል መሪሕነት ብምሓዝ ነቲ ግጥም ናብ ዕረፍቲ ኣምርሐቶ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ምንቅስቓሳ ኣሐይላ፡ ኣብ ዝተረፈ 45 ደቒቕ ድማ ሰለስተ ሸቶታት ኣመዝገበት። ብመገዲ ዮሴፍ ሃይለ ኣብ መበል 69 ከምኡ ድማ 86 ደቒቕ ክልተ ሸቶታት ክትረክብ እንከላ፡ ሳሙኤል ተስፋገርግሽ ድማ ነታ ራብዐይቲ ሸቶ ናይቲ ግጥም ኣመዝገበ። ጸወታ ድማ ብዓወት ዕዳጋ ሓሙስ 4ብ0 ተዛዚሙ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ውድድር ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሎሚ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጽል እዩ። በዚ መሰረት ጎዳይፍ ምስ ኣባሻውል፤ ኣኽርያ ምስ ማይተመናይ ከምኡ ድማ ሲቲ ሰንተር ምስ ሰገን ኮንስትራክሽን ግጥም ክህልወን እዩ።

** ** **



# ዜና ዓለም

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ኣብ ከተማ በንቓዚ - ሊብያ ግጭት ይውሳዕ




ኣብ ሊብያ ከተማ በንቓዚ ኣብ መንጎ ክልተ ዕጡቓት ጉጅለታት'ታ ሃገር ብዘተወለዐ ግጭት ብውሑዱ ሸውዓተ ሰባት ከምዝተቐትሉ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

እቲ ግጭት ዕጡቓት ጉጅለ ኣንሳር ኣል ሸሪዓ ኣንጻር'ቶም ብጀነራል ኸሊፋ ሐፍታርን ዝምርሑ ዕጡቓት ተቓወምቲ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምኽፋቶም'ዩ ሰዒቡ። እቲ ግጭት ንሰዓታት ከምዝቐጸለ ክፍለጥ እንከሎ፡ ምንቅስቓስ ነብርቲ'ታ ከተማ ተገቲኡ ኣሎ።

ድሕሪ ትሪፖሊ ኣብ ሊብያ ካልኣይቲ ዝዓበየት ከተማ ምዃና ዝንገረላ በንቓዚ ብተደጋጋሚ ግጭት ትሕመስ ምህላዋ ይፍለጥ።

ኣብ ሊብያ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት መዓመር ቓዝፊ ኣብ 2011፡ ሓያሎ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ኑሓድሕደን ቀጻሊ ግጭት የካይዳ ኣለዋ። በዚ ድማ ኣብ ትሪፖሊ ዝመደበሩ መንግስቲ'ታ ሃገር ብግቡእ ስርሑ ከሰላስል ከምዘይከኣለ'ዩ ዝንገር።

### ሓሙሽተ ነገራት....

ቱናን ግምቢ ፒሳ ኣብ ውሽጢ 800 ዓመት ንፈለማ እዋን ኣብ ዘሎቶ ደው ከምዝበለት ንክኢላታት ምህንድስና ብምጥቃስ በቢሲ ሓቢሩ።

እታ ወትሩ እናቐከት፡ ግን ከኣ ከይፈረሰት ንኣማኢት ዓመታት ቀጺላ ዘላ ጥንታዊት ህንጻ ብኢጣልያውያን መሃንድሳት ምትዕርራይ ክግበረላ ከምዝጸንሐ ይፍለጥ። ነታ ግምቢ ንምትዕርራይ 26 ሚልዮን ዩሮ ከምዝወደአ ዝገለጹ መሃንድሳት፡ ብውሑዱ ዝመጽእ 200 ዓመት ዝኾነ ናይ ምቕናን ኩነታት ከየርኣየት ኣብ ዘሎቶ ከምእትቕጽል ኣረጋጊኦም። እቶም መሃንድሳት ዝኺ ስራሕ ከሰላስሉ 10 ዓመት ከምዝወሰደሎም'ዮም ዝዘረቡ።

ቱናን ግምቢ ፒሳ ኣብ ማብል 12 ዘመን ዝተሰርሐት ኮይና፡ ካብ ሽዑ ጀሚራ ቡበቑሩብ ናብ ደቡባዊ ሸነኽ እናቐከት ምጽንሓ'ዩ ዝጥቀስ። እታ ቱናን ህንጻ ንኣማኢት ዓመታት ከይፈረሰት ምጽንሓ መስተንክር ምዃኑ ክኢላታት ምህንድስና ይሕብሩ። ግምቢ ፒሳ ሓንቲ ካብዘን ኣብ ኢጣልያ ዝርከባ ንቱሪስት ዝምስጣ ጥንታውያን ህንጻታት እያ።



## ስታድየማት ብራዚል ክሳብ ሕጂ ኣይተዛዘመን?



ግጥማት ዋንጫ ዓለም 2014 ንኽጅምር 9 መዓልታት ጥራይ ተሪፍሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ስታድየማት ብራዚል ገና ኣብ ህንጻት ከምዝርከቡ ኣሶሸየትድ ፕረስ ሓቢሩ።

ብራዚል ካብቲ ስታድየማታ ክትዛዝሞሉ ዝተዋህበ መቓን ግዜ ኣጸቢቓ ድሒራ ከምዘላ'ዩ ዝገለጸ። ሰራሕተኛታት ህንጻ ክሳብ ሎሚ ኣብተን ስታድየማት ተጻዊዶም ከፍ ዝብሉ መናብር ንምምጣም ብሃታ-ሃታ ይሰርሑ ምህላዎም ድማ እቲ ማዕከናት ዜና ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት'ታ ሃገር ሳዎ-ፓውሎ፡ ብራዚልያን ሪዮን ዝተዓደ ዘሎ ኣድማ ሰራሕተኛታት ኖቲ 12 ሰነ ዝጅምር ግጥማት ዋንጫ ዓለም ከየሰናኽሎ ተሰጊኡ ምህላዉ'ዩ ዝገለጸ።

ወሸኽ ደሞዝን ምምሕያሽ መጓዓዝያን ዝጠልቡ ዘለዉ መራሕቲ ኣውቶቡስ ከተማ ሳዎ-ፓውሎ መካይኖም ጠንጢኖም ኣብ ጎደናታት ብምውጽኦም፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያ'ታ ከተማ ደው ኢሉ ምህላዉ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።

ብተወሳኺ ኣብ ከተማታት ብራዚልያን ሪዮን ተመሳሳሊ ኣድማ ስለዝቐጸለ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ጸቕጢ ተፈጢሩ ኣሎ።

ብራዚል ኣብ 1950 ድሕሪ ዘካየደቶ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ሎሚ ዓመት'ያ ዳግማይ ዕድል ክትረክብ ክኢላ ዘላ። እንተኾነ እታ ሃገር ዋንጫ ዓለም 2014 ንምእንጋድ ዘሰለዐቶ ናይ 11 ቢልዮን ዶላር ባጀት ብዜጋታት'ታ ሃገር ተቓውሞ ከምዝገጠሞ ይፍለጥ። እቶም ዜጋታት፡ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ዲልማ ሩሰፍ ገለ ክፋል ናይቲ ዘሰለዐቶ ልዑል ባጀት ኣብ ምምሕያሽ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክተውዕሎ ከምዘይበራ'የም ዝኸሱ።

ሰብስልጣን ብራዚል፡ ዋንጫ ዓለም ንምእንጋድ እታ ሃገር ካብ ዝከደፈቶ ትሕተ-ቅርጻዊ ስርሓት 30 ሚእታዊት ጥራይ ከምዝተሰላሰላ፡ ይኹንምበር እቲ ግጥማት ብዘይ ዝኾነ ጸገም ከምዝካየደን ይገልጹ።

ብራዚል ትሃንጽን ዘላ 12 ስታድየማት ቅድሚ ሓሙሽተ ወርሒ ክዛዘማ'ዩ ውጥን ወጺኡለን ነይሩ።

## ውድባት ፍልስጤማውያን ሓድነታዊ መንግስቲ ይምስርታ

ካብ 2007 ጀሚረን ተፈላልየን ዝጸንሓ ዝዓበያ ውድባት ፍልስጤማውያን ፈታሕን ሓማስን ሓድነታዊ መንግስቲ መስሪተን።

መራሕቲ ናይተን ንሸውዓተ ዓመታት ተፈላልየን ዝጸንሓ ውድባት ሓድነታዊ መንግስቲ ንምምስራት ኣብ ጽዑቕ ዘተ'ዮም ተጸሚዶም ጸኒሖም። ብመሰረት ዝኸተምዎ ስምምዕ፡ ብፕረዚደንት ማሕሙድ ዓባስ ዝምራሕ ሓድነታዊ መንግስቲ ተመስሪቱ፤ ቃለ-መሓላ ከምዝፈጸመ ተፈሊጡ።




መርገጺ ከምእትኽተል ዝንገረላ ውድብ ሓማስ፡ ብሓያሎ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ዝርዝር ሸበራውያን ከምእትመዝገበት ይፍለጥ።

ኣብ 2006 ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ ርእሰ ምምሕዳር ፍልስጤም፡ ሓማስ ብዓብላሊ ድምጺ ድሕሪ ምዕዋቱ'ዩ ክልቲአን ውድባት ተፈላልየን። እስራኤል ብሓማስ ንዝምራሕ መንግስቲ ፍልስጤም ኣፍልጦ ከምዘይትህብ ክትገልጽ እንከላ፡ ድሒሩ ኣብ 2007 ኣብ መንጎ ደገፍቲ ክልቲአን ውድባት ግጭት ከምዝተወለዐ'ዩ ዝፍለጥ። በዚ ድማ ዝሓለፈ ሸውዓተ ዓመት ወሸመጥ ቓዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓማስ ክኣቱ እንከሎ፡ ፈታሕ ድማ ንምዕራባዊ ገማግም ጥራይ ከመሓድር ጸኒሑ።

ብመሰረት ስምምዕ ክልቲአን ውድባት፡ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ምርጫ ክካየድ'ዩ።

ይኹን'ምበር እስራኤል፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ውድባት ፍልስጤም ተፈጺሙ ዘሎ ዕርቂ ብምቅዋም ምስ ፍልስጤማውያን ተካይዶ ዝነበረት ዝርርብ ሰላም ደው ከምዝበለቶ ተነጺሩ።

ኣንጻር እስራኤል ተሪር

## ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ኤልሳልቫዶር ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ መራሒ ዕጡቓት ተቓወምቲ'ታ ሃገር ነበር ሳንቼዝ ቸረን ተዓዊቱ። ኮሚሽን ምርጫ'ታ ሃገር ብመሰረት ዝዘርገሖ ውጽኢት ምርጫ፡ ወዲ 69 ዓመት ሳንቼዝ ቸረን ብዓብላሊ ድምጺ'ዩ ተዓዊቱ።

እቲ ሓድሽ መራሒ፡ ኣብ ርእሰ ከተማ'ታ ሃገር ሳን-ሳልቫዶር ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ቃለ-መሓላ፡ ነታ ሃገር ብቐንዕናን ግሉጽነትን ከምዝመርሓ ተመባጺዑ። ንሱ፡ ካብ 1979 ክሳብ 1992 ኣንጻር መንግስቲ'ታ ሃገር ነበር ዝቐንየ ብረታዊ ቃልሲ ከምዝካየደ ይፍለጥ። ኣብታ ሃገር ዘሎ ልዑል መጠን ድኽነትን ገበናትን ከም ቀንዲ ብድሆታት ናይቲ ሓድሽ ፕረዚደንት ኮይኖም ከምዝቐርቡ ጸብጻባት የገንዝቡ።

***

ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ኣብ ልዕሊ እሱራት ደቀንስትዮ ተደጋጋሚ ዓመጽ ይፍጸም ምህላዉ ኣህጉራውያን ውድባት ገሊጸን። እተን ውድባት ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ'ታ ሃገር መጽናዕቲ ከምዝካየዳ'የን ዝሕብራ።

እቲ ኣብ ልዕሊ እሱራት ደቀንስትዮ ዝፍጸም ዓመጽ ብሓይልታት ጸጥታ'ታ ሃገር ከምዝፍጸም ድማ ይኸሱ። ወሃብ ቃል መንግስቲ'ታ ሃገር ላምበርት መንዴ፡ በተን ውድባት ዝርዝራዊ ሓበሬታ እንተቐሪቡሉ፡ ግቡእ ምጽራያት ከምዝግበር ገሊጹ። ወተሃደራትን ዕጡቓት ተቓወምትን ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ቀጻሊ ጉጅለኣዊ ዓመጽ ከምዝካይዱ'ዮም ዝኽሰሱ።

***

ኣፍጋኒስታን ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ፓኪስታን ሕነ ከምእትፈዲ ኣጠንቂቓ። መንግስቲ ካቡል፡ ኣብ ዶባት ዝዓስከሩ ሓይልታት ፓኪስታን ኣብ ልዕሊ ዓድታት ኣፍጋኒስታን ደብዳብ ከቢድ ብረት የካይዱ ከምዘለዉ'ዩ ዝኸሰሰ። ተግባራቶም ምስዘየቋርጽዎ ኣብ ልዕሊኦም ተሪር ስጉምቲ ከምዝወሰድ'ዩ ሚኒስተር ምክልኻል ኣፍጋኒስታን ቢስሚላህ ክሃን ኣጠንቂቑ ዘሎ።

ኣብ ሓባራዊ ዶባት ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ብሰንኪ ዝካየድ ቀጻሊ መጥቃዕትታት፡ ዝምድና ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት ክንድቲ ከምዘይኮነ ይግለጽ።